# ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መምህራንን ተምሃሮን ቋንቋ ትግርኛ  ታሽዓይ ክፍሊ፣ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሸውዓተ ሕጉምን የጬላን

**ንመማልኢ ካልኣይ ዲግሪ  ብምስትምሃር  ቋንቋ ትግርኛ**

**ብ**

**ታደሰ ኣሰፋ ሃይሉ**

**ዩኒቨርሲቲ መቐለ**
**ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን**
**ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ**
**መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ**

**ነሓሰ፣ 2017 ዓ/ም**

**መቐለ**

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

# ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊተፍትሽ መምህራንን ተምሃሮን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ፣ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሽውዓተ ሕጉምን የጭላን

ንመማልኢ ካልኣይ ዲግሪ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

ብ

ታደሰ ኣሰፋ ሃይሉ

ዋና ኣማኻሪ

ትካቦ ገብረስላሴ ዶ/ር

ሓጋዚ ኣማኻሪ

ደሳለኝ ኪሮስ (ኣይተ)

ነሓሰ፣ 2017 ዓ/ም

መቐለ

# ዩኒቨርሲቲ መቐለ
# ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን
# ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
# መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

**ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊተፍትሽ መምህራንን ተምሃሮን ቋንቋ ትግርኛ**

**ታሽዓይ ክፍሊ፤ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ሸውዓተ ሕጉምን የጭላን**

**ንመማላኢ ካልኣይ ዲግሪ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ**

**ብ**

**ታደሰ ኣሰፋ ሃይሉ**

**<u>ኣባላት ቦርድ ፈተና</u>**

| | | ፊርማ | ዕለት |
|---|---|---|---|
| ናይ ደገ ፈታኒ | ______________________ | __________ | ________________ |
| ናይ ውሽጢ ፈታኒ | ____________________ | __________ | ________________ |
| ዋና ኣማኸሪ | ትካቦ ገብረስላሴ (ዶ/ር) | __________ | ________________ |
| ሓጋዚ ኣማኸሪ | ደሳለኝ ኪሮስ (ኣይተ) | __________ | ________________ |
| መሳለጢ መድርኽ | ____________________ | __________ | ________________ |

# ምስጋና

ብመጀመርታ ናብ እዚ ደረጃ ዘብፀሐኒ ልዑል ፈጣሪ የመስግን። ብምቕፃል ኣብ ኩሎም ከይዲ ስራሕተይ ካብ መፈለምታ ክሳብ መወዳእታ ምኽሪ ኣብ ምሃብ ምፅፋፍ ስራሕቲ መፅናዕቲ ክቡር ግዜኦም ሰዊኦም ካብ ጎነይ ከይተፈለዩ ተኸታታልነትን እዋናውነትን ሞያዊ ድጋፍን ሃናፂ ዝኾነ ሪኢቶን ንዝሃቡኒ ኣማኸርተይ ደ/ር ትካቦ ገብረስላሴን ኣይተ ደሳለኝ ኪሮስን ምስጋናይ ደረት የብሉን። ንስኻትኩም ንዝገበርኩሙለይ ሞያዊ ሓገዝን ምትብባዕን እንተዘይሕወስ ነይሩ ናይ እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ምኽንባት ዘይሕሰብ እዩ።

ብምቕፅል ነዚ መፅናዕቲ እዚ ዘድልዩ መረዳእታ ንዝሃቡኒ መምህራንን ተምሃሮን 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የጬላ፣ሸውዓተ ሕጉምን ጅጅቀን ንዝገበሩለይ ምትሕብባር ካብ ልቢ ከመስግን እፈቱ።

# ማራ መፅናዕቲ

ኣጀንዳ እዚ መፅናዕቲ እዙይ ኣብ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መምህራንን ተምሃሮን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የጮላ፣ ሸውዓተ ሕጉምን ጅጅቀን ኣብ ምትንታን ዘድሀበ እዩ። ግቡእነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ከመይ ከምዘተግብርዎ፣ ኣብ ኣፈፃፅማ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብዓይነቶም ምምዳብ፣ መፍትሒ ሓሳባት እንመን ምኺኖም ምትንታን ዝብሉ ሕቶታት ዝዓለመ እዩ። እዘም ሕቶታት እዚኦም ንምምላስ ዳህሰሳዊ መፅናዕቲ ዝተጠቐመ ኰይኑ ኣመራርፃ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ብምኽንታዊ ሜላ ውክልና ሰለስቲኣን ዝተሓረያ እንትኾና መምህራን ንኹሉ ኣሳታፊ ብዝኾነ መፅነዓይ ዝተጠቐመሉ እዩ። በዚ መሰረት ንመፅናዕቲ ዝተሓረዩ 10 መምህራንን 100 ተምሃሮን ክውሰድ ተገይሩ። ኣብዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ መፅነዓይ ዝተጠቐመሎም ሜላ መአከቢ መረዳእታ ድማ ነቲ መፅናዕቲ ፅሑፋዊ መሕትትን ትዕዝብትን ብምግባር እዩ። ፅሑፋዊ መሕትት ንመምህራንን ተምሃሮን ዝተዳለወ እንትኸውን ትዕዝብቲ ድማ ንመምህራን ጥራሕ እዩ። እቶም ዝተኣከቡ መረዳእታ ብመጠናውን ዓይነታን ተተንቲኖም ይርከቡ። ኣብዛሓ መምህራን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ እኹል ግንዛበ ከምዘየብሎምን ዘይምዕሩይ ዝኾነ ኣካይዳ ከምዝጥቀሙን ናይ እዚ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እኹል ስልጠና ዘይረኸቡ ምኺኖም ፣ተመኩሮ ልውውጥ ዘይምግባር፣ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ፃዕቒ ስራሕ ምህላው(ክለባት፣ ኮሜቴታት፣ ኣኼባታት) ኣብ ተኸታታሊ ተፍትሽ እኹል ኣፍልጦ ዘይምህላው፣ዋሕዲ ማተርያላትን መምሃሪ ክፍልታትን፣ፅልዋ ናይ ሕሉፍ ኣተገባብራ ተፍትሽ ከም ምኽንያት ምግላፅ ይከኣል። ካብ እዚ ብምብጋስ መንግስቲ መምህራን እኹል ዝኾነ ሓፀርትን ነዋሕትን ስልጠናታት ክህብ፣ መምህራን እውን ናብ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ብምኻድ ተመኩሮ ክገብሩ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ እውን በዝሒ ስራሕ ብመጠኑ ክንኪ ሸለልተኝነት ወይ ግዜን ጉልበትን ዝንክዩ ናብ ፈተና ተኮር ምዝንባል ምውጋድ ፅባሕ ተረከብቲ ዓዲ ዝኾኑ ተምሃሮ ብምፍራይ ግቡእ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መምህራን እውን ትኹረት እንተዝህቡን ዝብል ለበዋ ተዋሂቡ።

# ትሕዝቶ ሰደቓ

**ትሕዝቶ** **ገፅ**


ምስጋና………………………………………………………………………….………i

ማራ ፅሑፍ…………………………………………………………………………..ii

ምዕራፍ ሓደ…………………….....................................................................................1

መእተዊ……………..………………………………………………………….1

1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ........................................................................................ 1

1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ ........................................................................................ 3

1.3 ዕላማ መፅናዕቲ ................................................................................................ 4

1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ ................................................................................................ 4

1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት ........................................................................................... 4

1.4 ረብሓ መፅናዕቲ .............................................................................................. 4

1.5 ደረት መፅናዕቲ .............................................................................................. 5

ምዕራፍ ክልተ...................................................................................................... 8

ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መፅናዕትን ........................................................ 6

2.1 ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባት ........................................................................... 6

2.1.1 እንታይነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ........................................................................... 6

2.1.2 ዕላማ ተኸታታሊ ተፍትሽ .................................................................................. 8

2.1.3 ረብሓ ተኸታታሊ ተፍትሽ .................................................................................. 8

2.1.4 ፀገማት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ................................................................... 9

2.1.5 ባህርያት ተኸታታሊ ተፍትሽ ........ 10

2.1.5.1 ባህሪ ስርዓታውነት ........ 10

2.1.5.2 ባህሪ ዕምቆትን ስፍሓትን ........ 10

2.1.5.3 ባህሪ ውህሉልነት ........ 10

2.1.5.4 ባህሪ ሃናፃይ ርኢቶን እርማትን ........ 10

2.1.6 ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ........ 10

2.1.6.1 መጠቓለሊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ........ 11

2.1.7 ኣተዓቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ ........ 11

2.1.7.1 ስሩዕ ኣተቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ ........ 12

2.1.7.2 ዘይስሩዕ ኣተዓቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ ........ 12

2.2 ዳህሳስ ቅዱማት መፅናዕቲ ........ 12

ምዕራፍ ሰለስተ ........ 14

ሜላ ኣተኣኻኽባ መረዳእታን ኣተናትናን ........ 14

3.1 ንድፊ መፅናዕቲ ........ 14

3.1.1 መጠን ተፀናዕቲ ........ 14

3.1.2 ሜላ ኣመራርፃ መርአያ ........ 14

3.2 ሜላ መአከቢ መረዳእታ ........ 15

3.2.1 ፅሑፋዊ መሕተት ........ 15

3.2.2 ትዕዝብቲ ........ 16

3.3 ሜላ ኣተናትና መረዳእታ ........ 16

ምዕራፍ ኣርባዕተ ........ 17

ኣቀራርባ መረዳእታን ኣተናትናን ........ 17

4.1. ድሕረ ባይታ ወሃብቲ መረዳእታታት ........................................................................... 18

4.1.1. ድሕረ ባይታ ተፀናዕቲ መምህራን ........................................................................... 18

4.1.2. ድሕረ ባይታ ተፀናዕቲ ተምሃሮ ........................................................................... 18

4.2. ትንታነ መረዳእታ ........................................................................... 18

4.2.1. ግንዛበ መምህራንን ተምሃሮን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ........................................ 18

4.2.1.1. ግንዛበ መምህራን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ........................................ 18

4.2.1.2. ብዛዕባ ኣብ አተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ካብ ተምሃሮ ዝተረኸበ መረዳእታ .................. 21

4.2.2. ፀገማት መምህራን አብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ........................................ 24

4.2.3. መፍትሒ ሓሳባት መምህራን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ........................................ 25

ምዕራፍ ሓሙሽተ ........................................................................... 27

ምጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን ........................................................................... 25

5.1. መጠቓለሊ ........................................................................... 25

5.2. መደምደምታ ........................................................................... 25

5.3. ለበዋ ........................................................................... 28

ድጋፍ ወሃብቲ ድርሰናት ........................................................................... 29

ልጋብ ሀ…………………………………………………………………………………...30

ልጋብ ለ…………………………………………………………………………………...33

# ምዕራፍ ሓደ

# መእተዊ

## 1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

ተፍትሽ ምስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ትምህርቲ ቋንቋ ዘይነፃፀልን ሓቢሩ ዝትግበርን እዩ። ምኽንያቱ ድማ ምስትምሃርን ምፍታሽን ዘይነፃፀሉ ተግባራት እዮም። ተፍትሽ ዝተቐመጠ ዕላማ ሸትኡ ምውቅዑን ዘይምውቅዑን ንምርግጋፅ ዘኽእል መሳርሒ እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣመልኪቶም ብዙሓት ፀሓፍቲ ነናቶም ሓሳብ የቐምጡ።

Bachman (1996፣54)’’ተፍትሽ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውሳነታት ንምሃብ ዘኽእልን ጠቕምቲ መረዳእታታት ዝህብን መሳርሒ እዩ “ይብል። ብተወሳኺ Baker (1983፣3)” ተፍትሽ ብስርዓት ትምህርቲ ዝምራሕ፣ ዕላማታት ትምህርቲ ተኸቲሉ ተምሃሮ እንታይ ተማሂሮም? እንታይ ኣይተመሃሩን ፣ እንታይ ፈሊጦም እንታይ ኣይፈለጡን፣ ብምባል ዝፍትሽ ኣካል ከይዲ ምምሃር ምስትምሃ እዩ” ይብል።

ካብ እዞም ዝተገልፁ ሓሳባት እንግንዘቦ፦ ተፍትሽ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘይተርፍ ቁልፊ ተግባር ከም ዝኾነ የሪእና። እቲ ክዕወት ተባሂሉ ኣብቲ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተቐመጠ ዕላማ ሸትኡ ምብቅዑን ዘይምብቅዑን ብምርግጋፅ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘለዎ ጥንኩርን ድኹምን ጎንታቱ ብምንፃር፣ ንምምሕያሽ ወይ ለውጢ ንምግባር፣ ብቕዓትን ክፍተትን ተምሃሮ ኣለሊኻ ሓገዝ ንምግባርን ውሳነ ንምሃብን ዘኽእል መሳርሒ ምዃኑ እዩ።

ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ዝኸዱ ክያዶታት ኣለዉ። ትሕዝቶ ትምህርቲ ብእቲ ዝተተለመሉ መሰረት ኣብ ሸትኡ ምብፅሑን ዘይምብፅሑን ክረጋገፅ ግድን እዩ። እዚ ንምትግባር ካብ እንጥቀመሎም ክያዶታት ሓደ ተፍትሽ እዩ። ተፍትሽ እቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃሮ ክንደየናይ ከም ዝጨበጡ ንምርግጋጥፅ መምህር ብዝተፈላለዩ መንገድታት መረዳእታ ዝእክበሉ ከይዲ እዩ።

ንእዚ ሓሳብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ(2003፣21)’’ ተፍትሽ ማለት ብዛዕባ ተምሃሮ ውሳነ ንምሕላፍ ካብ ተምሃራይ ሓበሬታ እትእክበሉ ክይዲ እዩ’’ ብምባል የጠናኽሮ። ኣብ እዚ ኣገላልፃ ምግንዛብ ዝከኣል ተፍትሽ ብዛዕባ ተምሃሮ ውሳነ ንምሕላፍ ብዝተፈላለዩ መንገዲ ሓበሬታ ዝእከበሉ ከይዲ እዩ። ተፍትሽ ስፍሕ ዝበለ ፅንሰ ሓሳብ ዝሓዘ ኮይኑ ቁፅራውን ዘይቁፅራውን መዐቀንታት ዘካተተ እዩ። ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ድማ ተኸታታሊ ተፍትሽ እዩ። ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ሓፈሻዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘሎ ኩነታት እንታይ ከም ዝመስልን ርድኢት ተምሃሮ ንምፍታሽን ዝትግብር ተፍትሽ እዩ።

ግቡእ ኣተገባብራ ዝብል ቃል ኣምሩ ግልፂ ንምግባር መምህራን እቶም ኣብ ከይዳውን መጠቓለሊ ተፍትሽ ዝተቐመጡ ንጥፈታት ከመይ ይፍፅምዎም ንምባል ዝአተወ ቁልፊ ቃል እዩ።

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ (1998፣1) ብዛዕባ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣመልኪቱ ዝስዕብ ሓሳባት የቕርብ።

*ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝብል ቃል ቅድም ክብል ኣብ መወዳእታ ብርኪ ትምህርቲ ጥራሕ ተምሃሮ ምፍታን ንዝነበረ ግዚኡ ዝሓለፎ ተመኩሮ ብዛዕባ ምምሃርም እንታይ ከም ዝፈለጡ ፣ እንታይ ከምዘመሓየሹን እኹል ግብረ መልሲ ኣይረኽቡን ነይሮም። እዚ ሕፀረት ንምእራም ልሙድ ተሞኩሮ ሰብ ሞያ ትምህርቲ ብተደጋጋሚ ዝወሃብን ብዛዕባ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃሮን መምህራንን እኹል ግንዛበ ንክህልዎም ዘኽእሎም “ተኸታታሊ ተፍትሽ” ብዝብል ኣፋሊጡ።*

ካብ እዚ አገላልፃ ምግንዛብ ዝከኣል ቅድም ክብል ብዛዕባ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝነበረ ኣመላኻኽታ ፀገም ዝነበሮን ኣብ መወዳእታ ሓደ ርእሲ፣ ሰሚስተርን መወዳእታ ዓመት ዝወሃብ ገይርካ ምሕሳብን ምትግባርን ይረአ ምንባሩ እዩ። እዚ ግጉይ እምነት ኣብ ሃገርና ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪካ እውን ይርአ ከምዝነበረ ዝስዕብ ሓሳብ ይገልፅ።

*ኣብ መንገ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪካ ኡጋንዳ፣ ኬንያ፣ ዝምባዌን ታንዛንያን ብዛዕባ ተኸታታሊ ተፍትሽ ቅድሚ ሐዚ እንታይ ዓይነት ተፍትሽ ይኽተላ ከም ዝነበራን ሐዚ ከመይ ክኸውን ከምዝግበኣን ዘተ ኣካይደን ነይረን። ቅድሚ ሐዚ ብናይ ፅሑፍ ፈተና ጥራሕ ተምሃሮአን ይዕቅና ከምዝነበራን እዚ ኣፈታትሻ ድማ ምሉእ ብምሉእ ናይቲ ተምሃራይ ብቕዓት ናይ ባህሪ ለውጢ ክዕቀን ከምዘይኽእልን ንፍዕ ካብ ሰነፍ ክፈሊ ብዘይምኽኣሉ ኣብ ዝሓሸ ኣፈታትሻ ተምሃራይ ትኹረት ክገብራ ከምዝግበአን ናብ ሓደ መደምደምታ ከምዝበፅሓን ካብ ፈተና ተኮር መምህራን ንተምሃሮኦም ብዝተፈላለየ መፈተሺ ዝፍትሽሉ ብዕዮ ጉጅለ፣ዕዮ ውልቀ፣ ዕዮ ክፍሊ፣ ዕዮ ገዛ ፣ መዓልታዊ ክትትል፣ ሓፀርቲ ፈተናታት፣ ርብዕን መጠቓለሊ ፈተናታትን ክፍተሽ ከምዘለዎ (Brhanu,2013 ) ኣብ መፅናዕቱ ይሕብር።*

እዚ ማለት እተን ሃገራት ኣፍሪካ ንተምሃሮአን ብናይ ፅሑፍ ተፍትሽ ወይ ፈተና ጥራሕ ይፍትና ስለ ዝነበራ ተምሃሮአን ብትኽክል ይዕቅና ከምዘይነበራ የረደኣካ። እቲ ተምሃራይ ብደንቢ ክእለቱ ተፈትሹ ክብሃል እንድሕር ድኣ ኮይኑ ብፅሑፍ፣ ብክፍሊ ዕዮ፣ ብውልቀ ዕዮ፣ ብጉጅለ ዕዮ ወዘተ... ክፍተሽ ነይርዎ።

‘’መምህራን ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ናይ ተምሃሮኦም ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘለዎም ብቕዓት ንምርግጋፅ፣ ብመምህራን ዝወሃብ ክንደይ ዝኣክል ከምዝጨበጥዎ ንምፍታሽ መጠቓለሊ ምዘና እናተተግበረ ከምዝፀንሐ ኣብ መፅናዕታዊ ፅሑፉ ይሕብር’’(Dawit፣1998፣2)።

እዚ ኣባሃህላ፣ መጠቓለሊ ተፍትሽ ኣብ ፈተና ተኮር ዝተደረኸ ብምዃኑ ተምሃሮ ንፉዕ ካብ ሰነፍ ንምፍላይ ካብ ከይዳዊ ተፍትሽ ተመራፂ ዘይኮነ ኣካይዳ ምዃኑን ኣብቲ መፅናዕታዊ ፅሑፉ እውን ካብዚ ዝሓሸ ከይዳዊ ተፍትሽ መምህራን ክጥቀሙ የዘኻኽር። ብተወሳኪ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ (2003፣2) ህልዊ ኩነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣመልኪቱ፦

*መምህራን ዝተሰለፍሉ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ምዃኑ ንምፍላጥ ተምሃሮ ግቡእ ናይ ባህሪ ለውጢ ዘምፅኡ ምዃኖም ንምርግጋፅ ዘኽእል ተኸታታሊ ተፍትሽ ምዝርጋሕ የድሊ። እንተኾነ ግን ቁፅሮም ዘይነዓቕ መምህራን ኣብ ምጥቃም ተኸታታሊ ተፍትሽ ካብ ዝፍፅምዎም ጌጋታት ተምሃሮ ብዘይስሩዕ መንገዲ ካብ ሓደ ክፍሊ ናብ ካሊእ ደረጃ ክፍሊ ክሰጋገሩ ዝግበኦም ከይተሰጋገሩ፣ ክሰጋገሩ ዘይግብኦም ድማ እንትሰጋገሩ ይርአ። ኣብ ዝተወሰኑ መምህራን ከይዲ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዘይትግበር ምዃኑ የመላኽት። መምህራን ንእቲ ዝፀነሐ ግዚኡ ዝሓለፎ ኣፈታትሻ ተምሃሮ ይኽተሉ ከምዘለዉ ይሕብር። ሓደ መምህር ንተምሃሮኡ ብእቲ ትኽክለኛ ኣተዓቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ ሓፀርቲ፣ ርብዕን መጠቓለልን ፈተናታት፣ መዓልታዊ ክትትል ተምሃራይ ካብ ተምሃራይ እናፈላለየን ናይ እዚኦም ውህላል ብምጥቃም ናይ ባህሪ ለውጢ ምዕቃን ይከኣል ይብል።*

*ብወገኑ ሚኒስተር ትምህርቲ(1999፣2) ድማ ኣብ ሕሉፍ መምህራን ናይ ተምሃራይ ናይ ባህሪ ለውጢ ዝዕቅንሉ ኣብ ፅሑፋዊ ፈተና ትኹረት ይገብሩ ነይሮም። እዙይ ኣካይዳ ፍሉይ ጠመተ ከም ዘድልዮን ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርቲ ሃገርና መምህራን ካብ እቲ ኣብ ቁፅሪ ውፅኢት ፈተና ተኮር ኣካይዳ ጥራይ ዝተደረኸ ተፍትሽ ብምውፃእ ተምሃራይ ብትኽክል ዝጨበጠን ዘይጨበጠን ምዃኑ ነፂሩ ከርእየና ዝኽእል ሜላ ተኸታታሊ ተፍትሽ እዩ። ተፍትሽ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ መማረፅታት ብምጥቃም ብፍሉይ ጠመተ ክግበረሉ ይግባእ ይብል።*

እዚ ኣበሃህላ ትምህርቲ ዕላሙኡ ኣብ ናይ ተምሃራይ ውፅኢት ቁፅራዊ ወይ ከዓ ኣሃዛዊ ጥራይ ዘመላኽት ክኸውን ከምዘይግባእን ተኸታታልነት ዘለዎ ተፍትሽ ምሃብ ግቡእ ምዃኑን ዝገልፅ እዩ። ኩለ መዳይ ስብእና እቲ ተምሃራይ ክፍትሽ ይግባእ። ተምሃራይ ኩሉ ግዘ ብፅሑፋዊ ተፍትሽ ጥራሕ ክፍተሽ ኣይግባእን። ቁፅራዊ ውፅኢት ተምሃራይ ጥራሕ ዝልክዕ ዘይኮነስ ናይ ተምሃራይ ኩለመዳያዊ ለውጢ ብተኸታታልነት እንትፍተሽ እዩ።

*በዱሩ እና ኣድኛው (1992፣3) "መምህራን ካብ ምስትምሃር ግዝያት ፍርቂ ወይ ከዓ ሲሶ ዝኸውን እዋን ንተኸታታሊ ተፍትሽ ግዚኦም ከምዘጥፍኡ ይሕብሩ። ብኻሊእ ገፅ ድማ ኣብ ዝኾነ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ እዚ ሐዚ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ምትግባር ፈታኒ ከም ዝኾነን ንፅሑፍ ፈተና ዝበዝሐ ዋጋን ግዘን ይህቡ። እዚ ዝከኣል ግዜ ዘጥፍእሉ እዋን ብትሪ ክምርምርዎን ከስተውዕልዎን ይግባእ" ይብሉ።*

ከም ኣገላልፃ እዞም ምሁራት  ንትምህርትን ንተኸታታሊ ተፍትሽን ዝወሃብ ግዚየን ዕላማን ትሕዝቶ ትምህርትን መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ። ናይ ተምሃሮ ምርምር ግዚየን ተፍትሽን ኣብ መዓልኡ እንተዝውዕል ዝብል ሓሳብ ወይ ከዓ  መልእኽቲ   የመሓላልፉ።

ብካሊእ ገፅ ድማ ‘’መምህራን ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ናይ ተምሃሮኦም ናይ ባህሪ ለውጢ ክንደየናይ ከምዝተቐየሩ ሐዚ ግን ከይዳዊ ተፍትሽ እናተተግበረ ከምዘሎ ‘’Dawit ን (MOE፣2002) ብምጥቃስ ይሕብር።

እዚ ኣገላልፃ ዘረደኦ ኣብዚ ሐዚ እዋን መምህራን ከይዳውን መጠቓለልን ተፍትሻት ይጥቀሙ ኣለዉ።

> *ከም ኣገላልፃ shepard (2000) “ብዛዕባ ሕሉፍ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝስዕብ ሓሳብ የቕርብ። ዕለታዊ ወይ ናይ ምዕራፍ ትምህርቲ ቀሪቡ ምስተጠናቐቐ መብዛሕቲኡ ግዜ ናይ ፅሑፍ ፈተና ብምሃብ ጥራሕ ናይ ተምሃሮ ግንዛበ ምፍታሽ ተገይሩ ይውሰድ ከም ዝነበረ  ይገልፅ። መብዛሕቲኡ ግዜ ብዝሕ ዝበሉ ሓፀርትን ሙጠቓለልን ፈተናታት ብምሃብ ተምሃሮ ይፍተሹ ከም ዝነበሩ ይገልፅ። ዝወሃቡ ተፍትሻት  ካብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝተነፀሉ ከም ዝኾኑ እምበር ኣካል እቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተገይሩ ኣይውሰድን ነይሩ። መብዛሕቲኡ ግዜ ንፈተና ወይ ከዓ ንውፅኢት እምበር ንግብረ መልሲ ናይ ምጥቃም ልምዲ ከይተለመደ ፀኒሑ። ብሓፈሻ ብዛዕባ ተኸታታሊ ተፍትሽ ናይ ሕሉፍ ዝነበረ ግንዛበ ዝተመለኦ ከም ዘይነበረን እዚ ኩነታት ዘንፀባርቕ ኣፈታትሻ ነይሩ” ይብል።*

እዚ ኣበሃህላ እዚ ኣብ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ናይ ምስትምሃር ከይዲ ዘሳትፉን ውፅኢታዊ ንምግባር ዘመቻችውን እዩ። ናይ ተምሃሮ ምሕሳብ፣ ፀገማት ናይ ምፍታሕ ክእለት ብዝመሃርዎም ናይ ትምህርቲ ዓይነት ውፅኢታዊ ንምግባር ተፍትሽ ብቕርፅን ትሕዝቶን ምቕያር ይግባእ። ዘየቋርፅ ከይዲ፣ ግንዛበ ተምሃሮ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ የርእይ። ዕላማታት ትምህርቲ ኣብ ሽትኦም ዘብፅሑ ክኾኑ ይግባእ። በዚ መሰረት ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ድማ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ እንታይ ከምዝመስል እዩ።

## 1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ

ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ወይ በብብርኩ ንዘለዉ ተምሃሮ ዝካየዱ ተፍትሻት  ትምህርቲ ሳይንሳውን ጭቡጥ ብዝኾነ መልክዑ ዘይትግበር እንድሕር ኮይኑ ኣብ ዜጋታት ኣሉታዊ ተፅዕኖ ካብ ዝኾነሉ ምኽንያት ሓደ እዩ። ምኽንያቱ ተምሃሮን እቲ ብርኪ ዝምጥኖም ፍልጠት፣ ክእለትን ኣመለኻኽታን ጭቡጥ መእመናይን ለውጢ ከየምፀኡ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ክዘዋወሩ ይረኣ። እዚ ማለት መምህራን ንተምሃሮ ብሽለልትነት ተፍትሽ እንትፍትሹ ዝርእ ጉድለት እዩ። ብተወሳኺ ብሰንኪ ቅኑዕ ተፍትሻት ዘይምጥቃም ኣብ

ዝተፈላለየ ደረጃ ክፍልታት እኹል ልምድን ብቕዓትን ከይሓዙ ምስ ብዙሓት ፀገማቶም ናብ ዝቕፀል ብርኪ ትምህርቲ ምስግጋሮም ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ምግማት ዘፀግም ኣይኮነን። ካብ እዚ መበገሲ ብምግባር ድማ፦

ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ መምህራን ኣተገባብረኡ ካብ ምፍልላዩ ዝተለዓለ ተምሃሮ ኣብ ምዕቃን ብዝተፈላለየ መልክዑ ክዕቀኑ ይርአ እዩ። ከምእዚ ዓይነት ኣካይዳ ድማ እቶም ተኸታታልነት ዘለዎ ተፍትሽ ዝጥቀሙ መምህራን ኣብ ተምሃሮ ዝሓሸ ውፅኢት ከም ዘመዝግቡ ግድን ይኸውን። ብኸመይ ንዝብል ድማ እቶም ትኹረት ብዘለዎ መንገዲ ተፍትሽ ስለ ዘካይዱ እዩ። እቶም ብኣግባቡ ዘይምዝኑ መምህራን ድማ ኣሉታዊ ውፅኢት ከምዘስዕብ ግልፂ እዩ። ስለዚ እዚ መፅናዕቲ እዚ ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዘለዉ ፀገማት ነቒስካ ብምውፃእ መፍትሒ ሓሳብ ንምምፃእ ከም ፀገም መፅናዕታዊ ርእሲ ክፅናዕ ዝተደለየሉ ምኽንያት ኣብ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዘሎ ግንዛበ ከመይ ከምዝኾነ ፈሊጥኻ መፍትሒ ሓሳብ ንምቕማጥ እዩ። ስለዚ ናይዚ መፅናዕቲ እዚ ኣድላይነቱ መምህራን ንተምሃሮኦም ከመይ ይምዝንዎም? ተኸታታልነት ብዘለዎ መንገዲ ተጠቒሞም ይምዝንዎም ዝብሉ ቁልፊ ነጥብታት ምልዓል ይከኣል።

ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣተገባብረኡ ከመይ ከምዝኾነ፣ ንኹሉ መምህር ከስርሕ ዘኽእል መስረሓዊ መምርሒ ተኸታታሊ ተፍትሽ እናሃለወ እዚ መስርሕ ኣብ መንጎ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሸውዓተ ሕጉምን የጭላን ከመይ ይትግበር ከምዘሎ ገምጋም ኣተገባብራ ዕልባት ንምሃብ፣ እንታይ ዓይነት ፀገማት ከምዘለዉ ምንፃርን ኣብ መወዳእታ ናብ መደምደምታ ምብፃሕ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሐ መምህር ዝተፈላለየ አተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ከምዘጋጥም ካብ ተመኩሮ ምግንዛብ ይከኣል። ነዚ መሰረት ብምግባር ድማ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝብል ርእሲ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ከካይድ ዝደፋፈአኒ። ኣብዚ ክለዓሉ ዝግበኦም ሕቶታት ድማ ኣብተን ንመፅናዕቲ ዝተሓረያ ኣብያተ ትምህርቲ ፦

1. ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ እንታይ ይመስል?

2. ዝረአዩ ፀገማት ወይ ከዓ ክፍተታት እንታይ እዮም?

3. መፍትሒ ሓሳባት ኸ እንመን እዮም? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ምልዓል ይከኣል።

## 1.3 ዕላማ መፅናዕቲ

### 1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ መፅናዕቲ

መምህራንን ተምሃሮን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብየተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሸውዓተ ሕጉምን የጭላን ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንምትንታን እዩ።

### 1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት መፅናዕቲ

እቲ ሓፈሻዊ ዕላማ ኣብ ሸትኡ ንምብፃሕ ድማ እዞም ዝሰዕቡ ዝርዝር ዕላማታት ቀሪቦም ኣለዉ።

ሀ. መምህራንን ተምሃሮን ተኸታታሊ ተፍትሻት ከመይ ከምዘተግብርዎም ምብራህ፣

ለ. ኣብ መምህራንን ተምሃሮን ኣብ ኣፈፃፅማ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብዓይነቶም ምምዳብ፣

ሐ. ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መፍትሒ ሓሳባት እንመን ምኺኖም ምትንታን እዮም።

## 1.4 ረብሓ መፅናዕቲ

ኣብተን ዝተሓረያ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ 9ይ ክፍሊ ዘምህሩ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ከይዲ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ እንታይ ከምዝመስል የሪኦም። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዘጓንፉ ፀገማት ዝፍትሕሉ መንገዲ ይሕብሮም። ኣብ ሞያ መምህርነትን ተዘሚዱ ዝኾኑ ስራሕቲ ዝተዋፈሩ ሰብ ሞያ ትምህርትን ነዚ መፅናዕቲ መሰረት ብምግባር ኣብ አተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣገባብ ኣፈፃፅመኡ፣ ኣብ ትግበራ ዝረኣዩ ፀገማትን መፍትሒ ሓሳባትን ካብዚ መፅናዕቲ ሞያዊ ሓገዝ ክረኽቡን ተመሳሳሊ ዝኾነ ምርምር ኣብ ዘካይድሉ እዋን ተረባሕቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ተባሂሉ ይግመት።

## 1.5 ደረት መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ትኹረቱ ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ኣብ ዞባ ማእኸል ዝርከባ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሸውዓተ ሕጉምን የጭላን ጠመተ ዝገበረ እዩ። ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝብል ኣምር ወይ ከዓ ፅንሰ ሓሳብ ሰፊሕ ብምኳኑ ብግዜ፣ ጉልበት፣ ናውቲ፣ ብስፍሓት ቦታን ዓቕምን ብሓደ ግዘ ዝእለ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ድማ መፅናዓይ ኣብ አተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ጥራሕ ዘድሀበ መፅናዕቲ እዩ። ካብእዚ ወፃኢ ክንፍትሽ እንተይልና ካብእቲ ርእሲ ምውፃእ ስለዝኸውን እቲ መፅናዕቲ ኣብ ክሊ እዚ ዝድህስስ እንትኸውን ኣብቲ ንመፅናዕቲ ዝተሓረያ 9ይ ክፍሊ

ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሽውዓተ ሕጉምን የጮላን ብመንፅር ሰለስተ ዕላማታት ማለት ተኸታታሊ ተፍትሽ ከመይ ከምዝትግበር፣ ዘለዉ ፀገማትን መፍትሒ ሓሳባትን ከሊሉ ዝሓዘ መፅናዕቲ እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ

# ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መፅናዕትን

## 2.1 ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባት

እዚ ክፋል ኣብ ሕሉፍ ግዝያት ብኻልኦት ምሁራት ኣብዚ መፅናዕታዊ ርእሲ እንታይ ከምዝተፀሓፉ ወይ ከምዝተፀነው ዝጥቁሙ ሓተታዊ ሓሳባት ብዝርዝር እንንፅረሉ ክፋል መፅናዕቲ እዩ። ዋና ረብሓ ዳህሳስ ተዛመድቲ ፅሑፋት ድማ እቲ እነፅንዖ ፀገም ዘለና ግንዛበ ብዕምቈት ንምዕባይ እዩ።

### 2.1.1 እንታይነት ተኸታታሊ ተፍትሽ

*ዳኒኤል (2006፡23) ኣብ ንእንታይነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ከምእዚ ዝስዕብ ይገልፆ።ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝተፈላለዩ ናይ መፈተሺ ሜላታት (ምልከታ)ቃላዊ መሕትት ፣ ዕዮ ክፍሊ፣ ዕዮ ገዛ፣ ፅምዲ፣ ጉጅለ፣ ውልቀ፣ መልመድታት፣ ስራሕቲ ፕሮጀክት ፣ ፈተናታት፣ (ሓፀርቲ፣ ርብዕን መዛዘምን)ወዘተ...ብምጥቃም ተምሃሮ ብዛዕባ ዝፈልጥዎ፣ዝተገንዘብዎን ክፍፅምዎ ዝኽእሉን ብዘየቋርፅ ኩነታት መረዳእታ ናይ ምእካብ ስርዓት እዩ። ብካሊእ ኣገላልፃ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ዕላማታት ስርዓተትምህርቲ ብመንፅ ምምሃር ምስትምሃር ከይዲ ናይ ተምሃሮ ናይ ምምሃር ፃዕርን ምምሕያሽን ከመኡ እውን ፀገማት መፈተሺ መይላ እዩ። ብሓፈሻ መምህራን ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃሮ ብርግፀኝነት ምምሃሮም ዝፍለጠሉ እዩ።ብኻሊእ ገፅ ድማ ኣብዚ ዝተወሰኸ ምስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተቖናጃዩን ተተሊሙ ብዛዕባ ተምሃሮ ናይ ባህሪ ለውጢ፣ ኩነታት ምስትምሃርን ናይ ክፍሊ ሃዋሁው ብዝምልከት ስርዓት ብዘለዎ መልክዑ መረዳእታ ናይ ምእካብ፣ምትንታን ምትርጓምን ብልሓት እዩ ይብል።*

ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ሓሳብ ዘመሓላለፎ ተኸታታሊ ተፍትሽ ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ ለውጢ ባህሪ ተምሃሮ ንምፍላጥ መረዳእታ ዝእከበሉ ከይዲ እዩ።

*joydu, p. et.al (2003፡2)" ድማ ብተወሳኺ ተኸታታሊ ተፍትሽ መምህር ንተምሃሮኡ ከመይ ገሩ ክፍትሽ ከምዘለዎ ብመምህር ዝወርድ መምርሒ እዩ።ብዛዕባ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሓዱሽ ነገር ንክንሓስብ ዝገብር እዩ። ከመይ ገሩ ከም ዘምህርን ከም ዝፍትሽን ዝፈልጥ መምህር ኣብ ተፍትሽ ግዜ ቡዙሕ ዘፀግመሉ ነገራት ኣይህሉን። ምስትምሃር ውስብሳብ ስራሕ*

*ምኳኑ ዝፍለጥ ኲይኑ ነዚ ውስብሳብ ንምፅባብ ግን ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣምሩ ምርዳእ ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ'' ይብል።*

እዚ ኣገላልፃ ዘረደኦ ተኸታታሊ ተፍትሽ ተግባር መምህር ኮይኑ ብዛዕባ እዚ ኣምር ሰፊሕ ኣፍልጦ እንተሃሊይዎ ንተምሃረኡ ብከመይ ከምዘምህርን ከምዝፍትሽን ውሳነ ንምሃብ ዝሕግዞ እዩ። ነዚ ሓሳብ ድማ ከምእዚ ዝሰዕብ ተወሳኺ መብርሂ ብምሃብ ይገልፆ።

*ሓደ መምህር ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ኣትዩ ጥራይ ምስትምሃር እንተይኰነስ ነቲ ዘምህሮ ትሕዝቶ ትምህርቲ ጨቢጠምዎዶ ኣይጨበጥዎን ዝብል ሕቶ ኣልዒሉ በቢግዜኡ ነቲ ዘምህሮ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብቃል ይኹን ብፅሑፍ ክፍትሾም (ክፍትኖም) ይግባእ። እዚ ምግባሩ እቲ ትምህርቲ ብኣግባቡ ዝተመሓላለፈን ዘይተመሓላለፈን ምኳኑ ይርዳእ ብተወሳኺ ቀፃሊ እንታይ ዓይነት ተፍትሽ ከውፅኣሎም ከምዝግባእ መልሲ ነፂሩ ክፈልጥ የኽእሎ''። ካልኦት ምሁራት ኣብ እንታይነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣመልኪቶም Lacina et.al (200፣4) ን wigs ጠቒሶም ከምእዚ ዝሰዕብ ሓሳብ የቕምጡ።*

ተኸታታሊ ተፍትሽ ሕሉፍ ፍልጠትን ክእለትን ተምሃሮ መሰረት ጌሩ ዝሓትት ዝተማለአ ብቕዓት ተግባራት ጋህዳዊ ዓለም ንምፍላጥ መምህራንን ተምሃሮን እንታይ ክሰርሑ ከም ዘለዎም ክፈልጡ ዝገብር እዩ። እዚ ሓሳብ ንምርዳድ መምህራን ተምሃሮን ኣብ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብቲ ዝድለ ዕላማ ንምብፃሕ ንናይ ባዕሎም እጃሞም እንታይ ክፍፅሙ ከምዝግበኦም ዘርኢ እዩ። ብኻሊእ ገፅ ድማ

Lacina et.al (2006፣5) ን Aimee ብምጥቃስ ሓደ መምህር ኣብ ክፍሊ ኣትዩ ጥራሕ ምስትምሃር እንተይኰነስ ነቲ ዘምህሮ ትሕዝቶ ትምህርቲ ተምሃሮ ጨቢጦም ዶ ኣይጨበጥዎን ዝብል ክፍትሽ ይግባእ ይብሉ። ትሕዝቶ ትምህርቲ ምርደኦምን ዘይምርደኦምን ምፍታሽ እውን ኣገዳሲ ይኸውን እዩ። እዚ ከዓ ተኸታተልቲ ተፍትሻት ብምክያድ ከምዝትግበር ከምዝሰዕብ ይገልፅዎ። ነዚ ዝተጠቀሰ ሓሳብ ገለፃ ንምሃብ መምህር እንድሕር ኣምሂሩ እቶም ተምሃሮ ክንደየናይ ከምዝተረደኦም ንምፍላጥ መእሰሪኡ ተኸታታልነት ዘለዎ ተፍትሽ ምሃብ እዩ። ሐዚ እውን Lacina et.al(2006፣6) ን Aimee ብምውካስ ብዛዕባ ተኸታታሊ ተፍትሽ ከምዚ ዝሰዕብ ሓሳብ የቀምጡ።

*መምህራን ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ዘዳልውሉ እዋን ርግፀኛ ብምኳን ወድዓውነቱ ዝረጋገፀ ምስ ዕድመኦም ዝመጣጠን ክኸውን ይግባእ። ክዳለው ከሎ ኣብ ግምት ከኣቱው ዝግበኦም ነጥብታት ቅዱም ፍልጠት፣ ባህሊ ቋንቋ ተምሃሮ እንታይ ትሕዝቶ ከምዝነበሮም እንታይ ከምዝፈልጡን*

*ብኣጠቓቕማ ቋንቋ ከርእዮም ኣለዎ ይብሉ። ብተወሳኺ ኩሎም ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክፍሊ ጠመተ ጌሮም ኣብ ቋንቋን ትሕዝቶን መሰረት ዝገብሩ ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ሓሳብ እዚ ዘመላኽት ተኸታታሊ ተፍትሽ ቅድሚ ናብ ተምሃሮ ምቕራቡ ምስ ዓቕሚ ተምሃሮ ዝመጣጠን፣ ወድዓውነቱን ግልፀን ዘየማትእ ምዃኑ ክረጋገፅ ይግባእ።*

ተኸታታሊ ተፍትሽ ተምሃሮ ውፅኢታት ትምህርቲ ብከመይ ይዕወቱ ከምዘለዉ ንምውሳን ዝዓለመ እዩ። መምህራን ተምሃሮን ከይዲ ትምህርቲ ንምምሕያሽ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ንምምሃዝ ብቐፃልነት ዝትግበር ተፍትሽ እዩ። በዚ ኣበሃህላ ተኸታታሊ ማለት ዘየቋርፅ ሓበሬታ ብዛዕባ ተምሃሮን ኣመሃህራን ምርካብ ማለት እዩ። (ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ፣2003፣22) ከም ኣገላልፃ Capper (1998) ተኸታታሊ ተፍትሽ ብደረጃ ክፍሊ ምስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብምቅንጃው ዝግበር ናይ ተምሃሮ ናይ ተፍትሽ ስርዓት እዩ። ብተወሳኺ Nikto (1996) ብዛዕባ ተኸታታሊ ተፍትሽ እንታይነቱ እንትገልፅ መረዳእታ ናይ ምርካብን ኣብእቲ ዝተረኸበ መረዳእታ ተመስሪትካ ብዛዕባ ተምሃሮ ናይ ባህሪ ለውጢ፣ ብዛዕባ እቲ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መርሃ ግብርን ፖሊስታትን ውሳነ ንምርካብ ዘኽእል መሳርሒ ብምባል የብራህረሆ። Capper(1996) ብዛዕባ ከይዳዊ ተፍትሽ ኣመልኪቱ ከምዚዝስዕብ ይገልፆ።

ከይዳዊ ተፍትሽ መረዳእታ ናይ ምእካብ፣ ናይ ምትንታን፣ ናይ ምትርጓምን ምቅንብባርን ከይዲ እንትኸውን ዕላመኡ እውን ናይ ተምሃሮ ናይ ባህሪ ለውጥን ስርዓተ ትምህርትን ኣመልኪቱ ውሳነ ንምሃብ ዘኽእል እዩ ይብል። ህፃናት ብጉቡእ መንገዲ እናተመሃሩ ምዃኖም ወይ ከዓ ናይ ምምሃር ፀገማት ከምዘለዎም ብርግፀኝነት ንምርዳእ መምህራን ነቶም ህፃውንቲ ተፍትሽ ኩሉ ግዜ ተፍትሽ ወይ ገምጋም ክነካይደሎም ይግባእ። ኩሉ ግዜ ተፍትሽ ድማ “ተኸታታሊ ተፍትሽ” ብምባል ይፍለጥ። ኮይኑ ግን እዚ ኣበሃህላ “ኩሉ ግዜ ፈተና ምሃብ” ማለት ከምዘይኮነ ክንርዳእ ይግባእ። ተኸታታሊ ተፍትሽ ህፃናት ግቡእ ፍልጠት ዝረኽቡ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን እነረጋግፀሉ ብልሓት እዩ።

### 2.1.2 ዕላማ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ተኸታታሊ ተፍትሽ ዕላመኡ ትምህርታዊ ውሳነ ንምሕላፍ ኰይኑ ጥሉሉን ተኣማንን ዝኾነ ሓበሬታ ዝእከበሉ ከይዲ እዩ። ሚኒስተር ትምህርቲ (1992፣9) ብዛዕባ ዕላማ ተፍትሽ ኣመልኪቱ ከምዝስዕብ ሓሳብ የቕርብ።

1. ተምሃሮ ኣብ ከይዲ ትምህርቶም ዕውታት ንክኾኑ ይሕግዝ።

2. ዘይመለኹ ተምሃሮ ብመሕወዪ ኣስተምህሮ ክሕገዙ ይገብር።

3. ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ምምሃር ዘስዕብ ምኸኑ ንምውሳን የኽእል።

4. ሓደ ተምሃራይ ኣበየናይ ብርኪ ከምዘሎ ንምፍላጥ ይሕግዝ።

5.ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምስ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝተኣሳሰሩ ምኺኖም የርእይ፣ተምሃራይ ንመፅናዕቲ የለዓዕል።

6. ኣብ መንጎ ተምሃሮ ዘሎ ኣፈላላይ ንምፍታሽ፣ ተምሃሮ ካብ እዋን ናብ እዋን ዘርእይዎ ናይ ባህሪ ለውጢ ምፍታሽ ዝብሉ ሓሳባት የልዕልዎም። ካብዘም ልዕል ክብሉ ዝቐረቡ ነጥብታት ዕላማታት ተኸታታሊ ተፍትሽ ተምሃሮ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ነቲ ትምህርቲ ክንደየናይ ከምዝጨበጥዎ ንምርግጋፅ፣ ንዘይጨበጡ ተምሃሮ ድማ ተወሳኺ ሓገዝ ንምሃብ፣ እቲ ተምሃራይ ኣበየናይ ብርኪ ከምዘሎ ንምፍላጥን ኣብ መንጎ እቶም ተምሃሮ ዘሎ ናይ ፍልጠትን ክእለትን ኣፈላላይ ብምፅባብ ምስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተኣሳሲሩ ዝወሃብ ተፍትሽ ተምሃሮ ውፅኢታዊ ዝኾንሉ ኣንፈት ዘዓለመ ምኻኑ ምርዳእ ይከኣል።

### 2.1.3 ረብሓ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ተኸታታሊ ተፍትሽ ናይ ባዕሉ ረብሓታት ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ኣሳልጦ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘለዎ ግደ ዝለዓለ እዩ። ተምሃሮ በቲ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምብቅዖምን ዘይምብቅዖምን ዝረጋገፀሉ ዓብዪ ስልቲ ስለ ዝኾነ እዩ። ነዚ ሓስብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ (1998፣3) ንሞርስያ ብምጥቃስ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ተፍትሽ ገሊፁ ይርከብ።

ቡቑዕ ትምህርቲ ንምውፃእ፣ ቀፃልነት ዘለዎ ትልሚ ንምሕንፃፅ፣ ንውሳነ ንምግምጋምን ዝሕግዙ መረዳእታታት ንምእካብ ረብሓ ኣለዎ። ንመሓበራዊ ተግባር ከም ከይዲ ምምሕዳር ትምህርቲ ንምፍላጥ፣ ኣብ ሓደ ቦታ ንምምዳብ፣ ዕብየትን ምስክር ወረቐትን ንምሃብ ደንብን ስርዓትን ንምፍፃም ጥቕሚ ይህልዎ። ካብእዚ ብተወሳኺ ንዕዮ ኣስተምህሮን ድኽመትን ጥንካረን ተምሃሮ ብምፍላጥ መረዳእታ ንምሃብ፣ ብዛዕባ ተምሃሮ ውሰነ ንምዕራፍ፣ ምሕላፍን ምድጋምን ንምውሳን ሓገዝ ይህብ።

ካልእ ረብሓ ተኸታታሊ ተፍትሽ ካብ ዝገልፆ ድማ ብዛዕባ መምህራን ውሳነ ንምሃብ፣ መምህራን ንምቁፅፃር ብቐዳምነት ተፍትሽ ምሃብ ይከኣል። ብቕዓት መምህራን ንምርግጋፅ ዝካየዱ ስርዓት ተፍትሽ ኣብ ተምሃሮ ናይ ባህርያት ለውጢ ኣብ ምምፃእ እወንተናዊ ግደ ዝዓዘዘ እዩ። ተምሃሮ ብሓገዝ መምህራን

ዓርሶም ክኢሎም ክሰርሕዎ ዝኽእሉ እንታይን መዓዝን ከምዝኾኑ ተኸታታሊ ተፍትሽ ናይ ባዕሉ ረብሓ ኣለዎ።

ተምሃሮ ኣብ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንክሳተፉ ምሕታት ብንጥፈታት ኣብ ተግባራዊ ስራሕቲ ንክፅመዱን ዓርሰ ምምህሃር ብምግባር ኣብ ሸቶታት ትምህርቲ ንክጥምቱ የበረታትዕ። ተኸታታሊ ተፍትሽ ብፍላይ ዓርሰ ገምጋምን ተምሃሮ ማሕበራዊ ፍልጠት ከማዕብሉ ይሕግዝ።ኣብ መወዳእታ ካብቶም ረብሓታት ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝገለፅዎም ተምሃሮ ከመሓይሽዎም ኣብ ዝደሊይዎም ቁም ነገራት እቲ ሓደ ግብረመልሲ ንክረኽቡ መንገዲ ይኸፍተሎም። ንዝሓሸ ውፅኢት ኣብ ቀፃሊ እንታይ ክኽውን ከምዝኽእል ይሕብረሎም። ካብዚ ብተወሳኺ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ(2003፣31) ብዛዕባ ረብሓ ተኸታታሊ ተፍትሽ ከምዚ ዝስዕብ ገሊፅዎ ይርከብ። ብተኸታታሊ ተፍትሽ ኣቢልካ ዝርከብ ውፅኢታት ብርክት ዝበሉ ረብሓታት ኣለዎ። ንሳቶም እውን ካብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር መምህር በብእዋኑ ብዛዕባ ጥንካረ፣ ድኽመት፣ ናይ ምምሃር ባህርያትን ስብእናን ተምሃሮኡ ንክፈልጥ ይሕግዞ። ናይ ሕድሕድ ተምሃራይ ፀገም በብእዋኑ እናፈታሕኻን እናሓገዝኻን ንምኻድን ሕድሕድ ዕለታዊ ምድላው ናይ ተምሃሮ ዓቕሚ ኣጠዓዒምኻ ንምቕራብ ባይታ የመቻቹ። ኣብ ክፍሊ ተምሃራይ ብሓባር ኣብ ምምሃር ከመይ ይኸይድ ከምዘሎ ብምፍላጥ ኣየናይ ትሕዝቶ ደጊምካ ምምሃር ከምዘድሊ፣ ናብ ቀፃሊ ምድላው ብኸመይ ከምዝሰግርን ክድገም ዝግበኦ ብምድጋምን ጠመተ ክግበረሎም ዝግባእ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ውሳነ ንምዕራፍ ሓጋዚ እዩ።

ተምሃሮ በቢዓቕሞም ፈሊኻ ብምፍላጥ ነቶም ሓገዝ ዘድልዮም ተወሳኺ ክፍለ ግዜ ብምምዳብ ናብቶም ማእኸለዎትን ንፉዓትን ተምሃሮ ንምምፃእ ተኸታታሊ ዝኾነ ተፍትሽ ብምሃብ ብቕዓት እቶም ዱኹማት ተምሃሮ ክብ ንምባል ይሕግዝ። ብሓፈሻ ተኸታታሊ ተፍትሽ እንተሃልዩ ናይ ተምሃሮ ባህርያት ንምቁፅፃር፣ ኩሉግዘ ድሉዋት ንክኾኑን ንመፅናዕቲ ክለዓዓሉን ይገብር። ተኸታታሊ ተፍትሽ እንተዘይሃልዩ ተምሃሮ ከፅንዑ ኣይምተለዓዓሉን።ኣብ ነዊሕ እዋን ተፀቢኻ ብዝወሃቡ ንጥፈታት ዝግምገሙ ተምሃሮ ውፅኢቶም ዘተኣማምን ኣይኸውንን።

### 2.1.4 ፀገማት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ተኸታይታሊ ተፍትሽ brhanu ን Ezeudu (2013፣ 24) ብምጥቃስ መምህራን ምሕደራ ቤት ትምህርትን ሕፀረት ክእለት ኣፈታትሻ ስለ ዘለዎም ተኣማንነትን ብቕዓትን ዘለዎ ተፍትሽ ኣብ ምድላው፣ ሓደ ቤት ትምህርቲ ምስ ካሊእ ቤት ትምህርቲ ፍልልይ ምራኣይ ኣብ ተምሃራይ ኣፈላላይ ፍልጠት፣ ናይ ባህሪ ለጢ

ኣብ ምፍጣር ብዕውትነት ዘይምፍፃም ምኺኑ የርእየና። ቀንዲ ሓይሊ ዘለዎም መምህራን እዮም። ሐዚ እውን ነዚኦም ብምጥቃስ yoloye (1991)፣ Camoy(1999) ፣ Gaume and Naidoo(2004) ን omoifo(2006)ን ድማ ብወገኖም ንፀገም ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣመልኪቶም መምህር ውፅኢት ንምምዝጋብ ዝዓለመ ፈተና ጥራሕ ዘዳልው ምኺኖም ብምግላፅ እዚ ድማ እቲ ዝዓበየ ፀገም ተፍትሽ ምኺኑ ገሊፆም ይርከቡ። እዚ ዘመላኽተና ኣብዛሓ መምህራን ነቲ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣተገባብራ ኣንፈቱ ስሒቶም ናይ ፅሑፍ ፈተናታት ዘድህቡ ምኺኖም ምግዛብ ይከኣል ይብሉ። ከም ኣገላልፃ Quansah (2005) እዞም ዝስዕቡ ፀገማት ተኸታታሊ ተፍትሻት ኢሉ ይገልፆም። እቶም ዝበዝሑ መምህራን ዝበዝሕ ግዜኦም ዘጥፈዎ ኣብ ፅሑፍ ፈተናታት ምኺኖም፣ ሕፀረት ዕዮታት ፕሮጀክት፣ ብፅምዲ ዝስርሑ፣ ኣብ ገዛ ዝስርሑ ፈተናታት፣ ዕለታዊ ክትትልን ተሳትፎን ኣብዛሓ መምህራን ካብ ዘይጥቀሙሎም ተፍትሻት እዮም ይብል።

ምቅናስ ረኽቢ መምህራን ምስ ተምሃራይ ቡዙሕ ሰዓት ዘይራኽብሉ እዋናት ከምዘለዉ ይሕብር። ዘይስሩዕ ኣጠቓቕማ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝጥቀማ ብርክት ዝበላ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዘለዋ ይገልፅ። ልዕል ኢሉ ብብዙሓት ሙሁራት ኣብ ፀገማት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝተገለፀ ሓሳብ ከም ዘሎ ኮይኑ ዳንኤል (2006፣12-13) ነዚ ሓሳብ ንምርጓድ ከምዝስዕብ ይብል። ከም ኩነታት ሃገርና ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ቡዙሓት ፀገማትን ውሱንታትን ከም ዘሎ ይዝረብ። ነዞም ፀገማት እዚኦም ዝሰዕቡ ነጥብታት መልዐሊ ከም ዝኾኑ መፅናዕትታት ይሕብሩ። ብዛዕባ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝተሰሓሓተ ግንዛበ ምህላው፣ ኣብነት ኩሉ ግዜ ናይ ፅሑፍ ፈተና ምሃብ ወይ ከም ተኸታታሊ ተፍትሽ ጌርካ ምቁፃር፣ ተኸታታሊ ተፍትሽ ምስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣተኣሳሲርካ ዘይምትግባር፣ዝተፈላለዩ ናይ ተፍትሽ ሜላታት ናይ ምጥቃም ልምድን ምናአስን ውፀኢት ተፍትሽ መሰረት ብምግባር ጉቡእ ግብረ መልሲ ዘይምሃብን ተገሊፆም ይርከቡ።

## 2.1.5 ባህርያት ተኸታታሊ ተፍትሽ

ተኸታታሊ ተፍትሽ ተምሃሮ ኣብ ከይዲ ትምህርቶም ዕውታት ክኾኑ፣ ውፀኢታውነት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንመዕዋትን ውሱነ ንምሃብን ዓሊሙ ዝቐርብ ብምኺኑ ናይ ባዕሉ መፍለዪ ባህርያት ኣለዎ። ነዚ ሓሳብ በድሩ እና ኣዱኛው(1992፣6) ከምዚ ዝስዕብ የጠናኽርዎ።

ተኸታታሊ ተፍትሽ ብርክት ዝበሉ ባህርያት ኣለውዎ። ካባአቶም ንምጥቃስ ዝኣክል ድማ፡-

#### 2.1.5.1 ባህሪ ስርዓታውነት

ግልፂ ዝኾነ፣ ትሉም ናይ ተምሃሮ ክእለት ዝግምገመሉ መሳርሕታት ማለት ፅሑፋውን ቃላውን ሕቶታት፣ ምልከታ ክፍሊ፣ናይ ውልቀን ናይ ጉጅለ ዕዮታት፣ መልመድታትን ንጥፈታትን፣ቃላዊ መሕተት ዝገልፅ ከምኡ እውን ገምጋማት ዝግበረሉም እዋናት ስርዓት ተኸቲሉም፣ ተኸታታልነት ብዘለዎ መልክዑ ምቕራቡ እዩ።

#### 2.1.5.2 ባህሪ ዕምቆትን ስፍሓትን

እዚ መልክዕ ተፍትሽ ንተፍትሽ እንጥቀመሉም መሳርሕታት ዓይነት ዝተፈላለዩ ክኾኑ ከም ዘለዎም ዝሕብር እዩ። ንተኸታታሊ ተፍትሽ ዝኾኑ መሳርሕታት ፍልጠት ምግንዛብ ፣ስሚዒት፣ ድልየትን ኣመለኻኽታን፣ ኣብ ተግባር ዝተመስረተ ኣካላዊ ምንቅስቃስ ወይ ከዓ ናብ ተግባር ከንፀባርቑ ይግባእ።

#### 2.1.5.3 ባህሪ ውህሉልነት

ናይ ተምሃሮ ናይ ትምህርቲ ውፅኢት መሰረት ብምግባር ኣብ ውሳነ ምሃብ ወይ ንምብፃሕ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተኣከቡን ዝተውሃለሉን ነጥብታት መሰረት ምግባር የድሊ።

#### 2.1.5.4 ባህሪ ሃናፃይ ርኢቶን እርማትን

እቲ ዝወሃብ ርኢቶ ሃናፃይ መአረምታ ዝህብ ምኳኑ ምርግጋፅ የድሊ።ከም ኣገላልፃ ዳኒኤል (2006፣15) ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝስዕቡ ባህርያት ኣለውዎ።ተኸታታሊ ተፍትሽ ምስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተዛሚዱ ዝትግበር ከይዲ እዩ። ብዛዕባ ተምሃሮ ብፃዕሪ ምምሃር፣ ምምሕያሽን ፀገማትን ብዝምልከት ቀፃሊ ብዝኾነ መልክዑ መረዳእታ ናይ ምእካብ ተግባር እዩ። ናይ ሓደ እዋን ኩነት ተገይሩ ክውሰድ የብሉን። ዘየቋርፅ ተገይሩ ክውሰድ ይግባእ። ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝተፈላለዩ ናይ ምዘና ብልሓታት እውን ይጥቀም። እቶም ብልሓታት ብዝተፈላለዩ ናይ ፅሑፍ ወይ ናይ ተግባር ተፍትሻት ክኾኑ ይኽእሉ’። ምስ ስርዓተ ትምህርቲ ዕላማታት ክዛመዱ ይግባእ። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምዘናታት ከም ዕዮታት ውልቀ፣ ጉጅለ፣ ክፍልን ገዛን፣ ናይ ፅሑፍ ፈተናታት፣ ተሳትፎን ዕለታዊ ክትትልን ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ዝዛመዱ ክኾኑ ኣለዎም። ኣብ መወዳእታ ዝገለፆ ካብቶም ባህርታት ተኸታታሊ ተፍትሻት ወቕታዊ ግብረ መልሲ ዝህብ ክኸውን ኣለዎ። ከመሓይሽዎም ዝግበኦም ዕለታዊ ክትትል ብምግባር እርማት፣ ድጋፍ፣ ጥንካረን ድኽመትን ጎንታት ሪኢቶ ብምሃብ ዘመሓይሽሉ ኩነታት ምንዳይ የድሊ ይብል።

### 2.1.6 ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ድልውነት ተምሃራይ፣ ግንዛበ፣ ፀገም ምህዞ ኣመሃህራ፣ ውፅኢታውነት ዝኣመሰሉ ጉዳያት ንምርግጋፅ ዝትግበር ዘየቋርፅ ከይዲ እዩ። ዘየቋርፅ ክበሃል ከሎ ናይቲ ከይዲ ትምህርቲ አካል ኮይኑ በቢዕለቱ፣ ሰሙን ፣ ወርሒ ዝትግበር ስለዝኾነ እዩ። እዚ ተፍትሽ ንምምሕያሽ ትምህርትን ትምህርታዊ ከይዲ ስርዓትን ዝጠቅም ሓበሬታ ዝህብ እዩ። ኣብ ዝተውሰነ ግዜ ዝቕልቕል ዘይኮነስ በቢግዚኡ ዝፍፀም ተግባር እዩ። ሓብሬታ ምሃብ ናይ ፈታሺ ኣካል እኳ እንተኾነ ውሳነ ምሕላፍ ግና ግደ መምህራን እዩ። መአከቢ ሓብሬታ፣ ዕለታዊ ክትትል፣ ተሳትፎ ተመሃሮ፣ ሓፀርቲ ፈተናታት፣ ዕዮታት ወይ ውልቀታት፣ ጉጅለ፣ ክፍልን ገዛን ኮይኖም ሓበሬታን ውሳነ ምሕላፍን  ንሽማኔ ጡጥ ምቕራብ ማለት እዩ። ጡጥ ከም ሓበሬታ ውሳነ ምሕላፍ ድማ ከም ምእላም ኩታ ማለት ይኸውን።

ዝተፈላለዩ ድሌታት ምምሃር ተምሃሮ ንምፍላጥ ብከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብዛዕባ እቶም ተምሃሮ ዘለካ ውልቃዊ ፍልጠት ብምቃም ናይቲ መምሃሪ ክፍሊ ትሕዝቶ ብምግንዛበን ናይእቶም ካብ ክፍሊ ወፃኢ ዘለካ ግንዛበ ኣብ ግምት የአቱ። ምስ መጠቓለሊ  ተኸታታሊ ተፍትሽ እንትነፃፀር ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንምምሃር እዩ። ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ  ቡዙሕ ግዜ ወይ ደጋጊምኻ  ኣብ ከይዲ እዋን ምምሃር ኣብ ከክንዲ ምውዳእታ ምምሃር  ዝካየድ መይላ ተፍትሽ እዩ። ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ  ምስ ተምሃሮ ንኽትረዳዳእን ከም ኣካል ተፍትሽ  ሓገዝ ንምሃብ ይጠቅም።  በዚ እውን ተምሃራይ  ንምንታይ ውፅኢት ምምሃር ከማልእ ከምዘይከኣል ምርዳእ ይከኣል። ካብ ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝርከብ መረዳእታ ግብረ መልሲ  ንተምሃሮ ነቶም ብርክታት  ከይዲ ትምህርቲ ምዕታር  ንክኽእሉ ብምምራሕ  መልክዕ ምሃብ ንክትኽእል ይሕግዘካ። ብተወሳኺ ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንክሰርሕ ኣብ ውሕሉል ክእለት ኣተሓሕዛ ዝውሰን እዩ። ብሓፈሻ ከይዲ ኣቀባብላ ትምህርቲ ተምሃሮና ንምፍላጥ ዋላ እኳ መጠቓለሊ ተፍትሽ ዘይናዓቕ ግደ እንተሃለዎ ብከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣቢልካ ተፍትሽ ምክያድ ግን ኣዝዩ ተመራፂ ይገብሮ።

#### 2.1.6.1 መጠቓለሊ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ወረቐት ምስክር ንምሃብ፣ ደረጃ ንምውፃእ፣ ንወለዲ ፀብፃብ ንምሕባርን ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ምሕላፍን ኣመልኪቱ ብዛዕባ ተምሃሮን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውሳነ ንምሕላፍ ሓበሬታ ንእክበሉ ከይዲ ትምህርቲ እዩ። መብዛሕቲኡ ግዘ ዝፍፀመሉ ኣብ መወዳእታ ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ሰሚስተር ወይ

ምጠቓለሊ  ዓመት እዩ። በዝሒ ግዜ ዓበይቲ ፈተናታት፣ ተፍትሻት ምጠቓለሊ ቀንዲ መሳርሒ እዮም። ተምሃራይ ዝተምሃሮም  ንምጥቕላል ዝጠቅም ሓበሬታ መአከቢ መሳርሒ እዩ።

ተምሃራይ ኣበይ ከምዝበፅሐን እንታይ ከም ዝፈለጠን ንምራአይ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ወይ ድማ ርብዒ፣ ፍርቂ ወሰነ ትምህርትን መጠቓለሊ ዓመትን ኣቢሉ ዝወሃብ ተፍትሽ እዩ። በዚ ተፍትሽ ዝርከብ ሓበሬታ ጠቓሚ እኳ እንተኾነ  ብቀፃልነት ስለዘይወሃብ  ኩሎም ውፅኢታት ትምህርቲ ስለዘይግምገም ተምሃሮ ዝተመሃርዎ  ስለዝቕርብ ዝህቦ ሓበሬታ ምስ ከይዳዊ ተኸታታሊ  ተፍትሽ እንትነፃፀር  ውሱን እዩ። ብረብሓ መንፅር ክልቲኦም ክወዳደሩ ከለዉ መጠቓለሊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝነኣሰን ውሱኑን እዩ። ምኽያቱ ተምሃሮ ምምሃሮም ንከመሓይሹ ዝሕግዞም ዕለታዊ ኣመሃህራ ንምምዕርራይ እዋናውን ዝርዝርን ኣይኮነን። ይኹን እምበር ካብ መጠቓለሊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንተምሃሮ ዝወሃብ ግብረ መልሲ ብቀንዲ ብመልክዕ ማርኪ ወይ ከዓ ውፀኢት ይመፅእ። እዚ ዝዓይነቱ ግብረ መልሲ ንተምሃሮ ውሱን ኣንፈትን ምኽርን ይህብ።

ንምጥቕላል ዝከኣል ኣብ ዝኾነ ደረጃ ክፍሊ ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ መዕፀዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣዝዮም ክተኣሳሰሩን ክዛምመዱን ይግባእ። ክልቲኦም ኣካል ሓደ ስርዓተ ትምህርቲ ምኺኖም ፈሊጥና ክነዛምዶምን ክነተአሳስሮምን ኣለና።

## 2.1.7 ኣተዓቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ

ተኸታታሊተፍትሽ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ኣተዓቓቕና ኣለዎ። ነዚ ሓሳብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ (19098፣8) ከምዚ ዝስዕብ ይገልፆ። ኣተዓቓቕናተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክልተ ይመቕሎ። ንሳቶም እውን ስሩዑን ዘይስሩዑን ኣተዓቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ እዮም።

### 2.1.7.1 ስሩዕ ኣተቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ

ስሩዕ ኣተዓቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ ተፍትሻት ብምድላው ብዝወፀ ናይ ግዜ ሰሌዳ መሰረት ብምጥቃም ንተምሃሮ ተፍትሽ ምክያድ ዘመላኽት እዩ። እዚ ኣተዓቓቕና ዝምዝገብ ውፅኢት ተምሃሮ ዝሓዞ ኮይኑ ብዝወፀ ግዜ ሰሌዳ መሰረት ዝግበር እዩ። እዚ ተኸታታሊ ተፍትሽ ካብ ሓፀቲ ፈተናታት ክሳብ መጠቓቕለሊ ፈተናታት ዝሕዝ እዩ።

### 2.1.7.2 ዘይስሩዕ ኣተዓቓቕና ተኸታታሊ ተፍትሽ

ተምሃሮ ስብእነኦም ብምርኣይ ንምምሃር ዘለዎም ድሌትን ዘርእይዎ ፃዕርን ብምክትታል ሓሳቦም ብዘረባ ክገልፁ ብምግባር ዕዮታት ክፍሊ፣ገዛ፣ ውልቀን ጉጅለን፣ ተሰትፎ፣ ከምኡውን ኣብ ክፍሊ ዘለዎም ክትትል ብምፍታሽ ዝፍፀሙ ኣተገባብራ ተፍትሽ ዘካትት እዩ።

## 2.2 ዳህሳስ ቅዱማት መፅናዕቲ

Brhanu (2013፣ 43) ኣብ ክልል ኦሮምያ ‘’ማስቃ’’ ኣብ ዝተበሃለ ቦታ ሓደ መፅናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። ዕላማ እቲ መፅናዕቲ ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ካላኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተወሰና ብምሕራይ መምህራን ተኸታታሊ ተፍትሽ ከመይ የተግብርዎ? ኣብ ውፅኢት ተምሃራይ እንታይ ዓይነት ፅልዋ ኣለዎ? ዝብል ኮይኑ ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢት ድማ ሕፅረትን ኣፈፃፅማን ኣተገባብራ ተፍትሽ ኣብ መምህራን ፀገም ከምዘሎ ኣመልኪቱ። መፍትሒ ሓሳብ ዝብሎም እውን ኣቕሚጡ።

ብዛዕባ ኣተገበብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብደረጃ ካልኣይ ብርኪ ዝተፀነ0 ዋላ እኳ እንተዘይኾነ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ dawit (1998) ኣብ ኮለጅ ትምህርቲ መምህራን ዓብዪ ዓዲ(ኮትመዓዓ) ኣብ ካልኣይ ዋዕላ መፅናዕቲ ዝቀረበ ምስ እዚ ዝካየድ ዘሎ መፅናዕቲ ተመሳሳልነት ኣለዎ። ምኽንያቱ እቲ መፅናዕቲ ጠመትኡ ኣብ ኣፈፃፅማ ተኸታታሊ ተፍትሽ መምህራን እንታይ ይመስሉ? ፀገማትን መፍትሒኦምን ዝብል ኮይኑ ነዚ ሐዚ ዝካየድ ዘሎ መፅናዕቲ ብፅቡቕ ይፀልዎን ዘመሳስልሎም ቁም ነገር ካብቲ ኣመራርፃን ርእስን ውፅኢትን ምዕዛብ ይከኣል። ከም መፅናዕቲ Quansah(2005) ዝተበሃለ ምሁር ኣብ ሃገረ ጋና ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣመልኪቱ “problem of contuous Assessment in Basic schools” ዝብል መፅናዕታዊ ርእሲ ኣብ ዘካየዶ መፅናዕቲ ሰለስተ መሰረታዊ ዕላማታት ሒዙ ዝተለዓለ እንትኸውን እቶም ሕቶታት ኣብተን ዝሓረየን መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ እንታይ ከምዝመስል፣ ኣብ ኣፈፃፅማ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ክፍተታት ወይ ከዓ ፀገማት እንታይ ከምዝኾኑን መፍትሒ ሓሳባት እንታይ ክኾኑ ከምዝግበኦም ዕላማ መሰረት ጌይሩ ዝተለዓለ እዩ።

ኣብ ዘካየዶ መፅናዕቲ ዝስዕቡ ቀንዲ ክፍተታት ወይ ከዓ ፀገማት ኮይኖም ረኺብዎም። መምህራን ኣብ ግንዛበ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ እኹል ኣፍልጦ ከምዘየብሎም፣ ኣብ ከይዲ ተፍሻት ኣብ ተምሃሮ ውፅኢት ኣሉታዊ ፅልዋ እናስዐበ ከምዝፀንሐ፣ ንእብነት ኣብዝሓ “ፈተና ተኮር” ከምዝነበረ፣ ስራሕቲ ዕዮታት ፕሮጀክት፣ ዕዮታት ክፍሊ ንነጥቢ(ማርኪ) ፈፂሞም ትኹረት ከይሃቡ ከምዝፀንሑ(Lack of emphasis on project, home work)፣መምህራን ምስ ተምሃሮ ትሑት ርክብ ኮይኑ ከምዝፀንሐ (ኣብ

ምጠቓለሊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ትኹረት ምግባር) ኣብ ኣጠቓቕማ ምዘናታት ኣብ መንጎ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ፍልልይ ምህላው (Record books)ን ዝብሉ ፀገማት ይርከብዎም። ነዚ ዘይምዑሩይ ወይ ሓላፍ ዘላፍ ኣተገባብራ ተፍትሽ ከም መፍትሒ ሓሳብ ኢሉ ዘቐመጦ ተኸታታልነት ዘለዎ ሓፀርትን ነዋሕትን ስልጠናታት ክረኽቡ ምግባር፣ ኣብያተ ትንህርቲ ነንባዕለን ተመኩሮ ክለዋወጣን ኣብ ከይዳዊ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝበለፀ ትኹረት ክገብራን እንትሕብር ምስ ዝፅናዕ ዘሎ መፅናዕቲ ብዕላማታት ይኹን ዝተረኸበ ውፅኢት ተመሳሳሊ ይገብሮ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ሜላ ኣተኣኻኽባ መረዳእታን ኣተናትናን

## 3.1 ንድፌ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ዳህሰሳዊ መፅናዕቲ እንትኸውን ግቡኡነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሽውዓተ ሕጉምን የጭላን ንምፍታሽ ዕላማ ዝገበረ እዩ። እዚ መፅናዕቲ ዝተዳለወሉ ኣዋድዳ ድማ መጠናውን ዓይነታውን እንትኸውን እዚኦም ዝተሓረየሉ ምኽንያት ድማ እቶም ዝእከቡ መረዳእታታት ነዚኦም መሰረት ዝገበሩ ስለዝኾኑ እዮም። ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሽውዓተ ሕጉምን የጭላን ግቡእነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝምልከት በቶም ዝተጠቕሱ መንገዲ ብመንፅር መምህራንን ተምሃሮን ንምግላፅን ንምርዳእን ተኻኢሉ እዩ። እዚ ዕላማ ንምዕዋት ፅሑፋዊ መሕተትትን ትዕዝብትን መረዳእታታት ንምእካብ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም። ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝፍፀመሉ ኩነታት ኣፈፃፅማ ንምግላፅ እዚ ዓይነት ኣዋድዳ ተግባራዊ ምግባር ነቲ ዝካየድ መፅናዕቲ ውፅኢታዊ ይገብሮ።

### 3.1.1 መጠን ተፀናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ዝተዓለመሉ ዕላማ ክዕወት፣ ኣብ ተግባር ዘለዉ ፀገማት ግልፂ ከርእን መፍትሒ ሓሳባት ንምቕማጥ ዘኽእል መረዳእታ ንምእካብ ተፀናዕቲ ኣቐዲምካ ምውሳንን መጠኖም ምቕማጥን ይግባእ። ነቲ ዝተለዓለ ርእሲ ዘድልዩ መረዳእታታት ካብ መምህራንን ተምሃሮን ዝተረኸበ እንትኸውን ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ዘለዉ 10 መምህራን ናይ ቋንቋ ትግርኛ ብምልኦም ኮይኖም 3 ካብ ጅጅቀ፣ 3 ካብ ሽውዓተ ሕጉም፣ 4 ካብ የጭላ ብሜላ ንኹሉ ኣሳታፊ ብምኳን ዝተሓረዩ እዮም። ካብ ተምሃሮ እውን ካብ 1400 9ይ ክፍሊ እቶም ሓደ ምኢቲ ብምኽንያት ሜላ ውክልና ተሳተፍቲ ኰይኖም ካብ 20 ክፍሊ ደረጀኦም ክሳብ ሓምሻይ ዝወፁ 35 ካብ የጭላ፣ 30 ሽዋዓተ ሕጉምን 35 ጅጅቀን እዮም። እቶም ዝተጠቀሱ መምህራን ድማ ኣብ ኩሎም ትዕዝብቲ ብምክያድ ዝተኣከበ መረዳእታ እዩ። ኣመራርፃ መርኣያ ክፍሊ ብምልኦም ወይ ከዓ ኩሉ ኣሳታፊ መይላ ብምጥቃም ተመሪፆም።

### 3.1.2 ሜላ ኣመራርፃ መርአያ

ካብ ኩሎም መረዳእታ ክህቡ ዝኽእሉ ኣካላት መረዳእታ ምእካብ ዝበለፀን ጠቓሚ ዋላ እኳ እንተኾነ ብምኽንያት ባህሪ እቲ መፅናዕቲ ፀገምን ብሰንኪ ማተርያል፣ ገንዘብ፣ ግዜን ግን መርአያ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ። ብምዃኑ ድማ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 2ይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጅጅቀ፣ ሸዋዓተ ሕጉምን የጬላን ብምኽንያታዊ መይላ ውክልና (ንመፅናዓይ ብዘለዎ ቅርበት፣ ምችውነትን ዝፍለጡ መረዳእታታት ዝህቡን ዝተሓባበሩን ብምህላዎም) እተን ኣብያተ ትምህርቲ ንመፅናዕቲ ተሓርየን እየን። ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ 9ይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ዘምህሩ መምህራንን ተምሃሮን ምስቲ ዝፅናዕ ዘሎ ርእሰ ጉዳያትን ፀገማትን ምትእስሳር ዘለውዎም መምህራን ተሰተፍቲ ኮይኖም እዮም። መምህራን ጉቡእነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ተምሃሮኦም እንትፍሹ ከመይ ከምዘተግብሩ ንምድህሳስ እቶም መምህራን ክሕተቱን ከምህሩ ከለዉ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ትዕዝብቲ (ምልከታ ክፍሊ) ክግበረሎም ግድን ስለዝኾነ ብኩሉ ኣሳታፊ ኣብቲ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ክኾኑ ተገይሩ እዩ። መምህራን ናይቲ መፅናዕቲ ቀንዲ መረዳእታ ወሃብቲ እንትኾኑ መምህራን ብዛዕባ ጉቡእነት ኣተገብባራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝብልዎ ልክዕ ምዃኑን ዘይምዃኑን ብዝበለፀ ንምምስኽኻር ተምሃሮ ናይቲ ምፅናዕቲ ብፅሑፋዊ ማሕተት መረዳእታ ተኣኪቡ እዩ። እቲ መረዳእታ እቶም መምህራንን ተምሃሮን ዝሃብዎ ሓደ ዓይነት ምዃኑ እንተመላኸት ብዝበለፀ ተኣማንነቱ ንምርግጋፅ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ኣብ ኩሎም መምህራን ትዕዝብቲ ተኻይድሎም እዩ።

## 3.2 ሜላ መአከቢ መረዳእታ

ነዚ መፅናዕቲ ዝጠቕሙ መረዳእታታት እንትእከቡ ባህርን ዕላማን መሰረት ዝገበረ እዩ። ብመሰረት ዕላማ እዚ መፅናዕቲ እኹል መረዳእታ ንምርካብ መፅናዕቲ ዘካይድ ኣካል ዝተጠቐመሎም መሳርሕታት መአከቢ መረዳእታ ፅሑፋዊ መሕተትን ትዕዝብትን እዮም። ካብቶም ብርክት ዝበሉ መአከቢ ብዕላማን ባህርን እቲ መፅናዕታዊ ርእሲ እቶም ቅድም ኢሎም ዝተፀርሑ ተጠቂምሎም ይርከብ። እቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ዝበለፀ ተኣማንነቱ ንምርግጋፅ ድማ ክፍሊ ምልከታ ወይ ትዕዝብቲ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ እዩ።

### 3.2.1 ፅሑፋዊ መሕተት

እዚ ሜላ መአከቢ መረዳእታ ዝተመረፀሉ ምኽንያት ምስ ርእሲ መፅናዕቲ ዕላማን ባህርን መአከቢ መርዳእታ ኾይኑ ስለዘገልግልን ቡዙሓት መፅናዕቲ ዘካየዱ ኣካላት ኣብ ጥቕሚ ስለዘውዕልዎን ንምድላውን ንምእላይን ምችው ግዜ፣ ጉልበትን ማተርያልን ገንዘብን ቆጣቢ ብምዃኑ ኣብ ረብሓ ውዒሉ ኣሎ።

ነዚ መፅናዕቲ ዝኸውን መረዳእታ ንምእካብ ብወገን መምህራን ትሻዓተ ዕፅዋትን መብርሂ ዝሓቱ ዱሩት መልሲ ዝቀረበሎም ሕቶታት ኮይኖም መብርሂ ዝሓቱን ዱሩት መልሲ ዝቀረበሎም ሓሙሽተ ሕቶታት፣ ዕፅዋት ድማ ኣርባዕተ እዮም። ንመምህራን ዝተዳለወ ፅሑፋዊ መሕተት ክፍሊ ሓደ ወይ መእተዊ፣ ክፍሊ ክልተ ወይ ሓፈሻዊ ውልቀ መረዳእታ ዝምልኹ ነቲ መሕትትን ኩነታት ኣመላልኣ እቲ ፅሑፋዊ መሕተትን ዘካተተ ኮይኑ ቀንዲ ፍልፍል መረዳእታ እዚ መፅናዕቲ እዩ። 1፣4፣5ን8ን ምንም መማረፂ ዘየብሎም ክፉታት ነቲ ሕቶ እናንበቡ ቀጥታ ዝምልስዎም ሕቶታት እንትኾኑ ሕቶ ቁፅሪ 2ን3ን ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ከባቢ 13 ንጥፈታት፣ 6፣7ን9ን ድማ መማረፂ ዘለዎም ሕቶታት እንትኾኑ ግንዛበ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንምፍላጥ ዘኽእሉ ሕቶታት እዮም። እዘም ሕቶታት ንርእሲ መፅናዕቲ ዝምልሱን ንዕላማ መፅናዕቲ ዘዐውቱ እዮም። ሕቶታት 1፣2፣3ን7ን ንዕላማ መፅናዕቲ ሓደ ገይሮም ዝተዳለዉ እንትኾኑ ሕቶታት ቁፅሪ 4ን5ን ድማ ንዕላማ መፅናዕቲ 2 መሰረት ተገይሩ ዝተዳለወ እዩ። ሕቶታት 6፣8ን9ን ድማ ንመፍትሒ ሓሳባት ዝተዳለዉ እዮም። ብተመሳሳሊ መንገዲ ንተምሃሮ እውን ብመፅነዓይ ዝተዳለወ 13 ዕፅዋት ሕቶታት ዝሓዘ ኮይኑ ምስ ዓቕሚ ምምላስ እቶም ተምሃሮ ዝተኣሳሰረ እዩ። እዚ ሕቶ ብትኽክል እቶም መምህራን ኣብ ክፍሊ ኣብ ግብሪ ዘውዕልዎ ምኺኖምን ዘይምኺኖምን ንምፍላጥ ዝዓለመ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ዝሓዘ ሓደ ሰደቓ ብፅሑፋዊ መሕትት ተዳልዩ እዩ። ዓይነት እቲ ሕቶ ብመልክዕ ሰደቓ ኮይኑ መማረፂ ዝሓዘ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክፍሊ ዝትግበርን ዘይትግበርን ምኺኑ ከርኢ ዝኽእል ሕቶ እዩ። ንመምህራን ተምሃሮን ዝተዳለወ ፅሑፋዊ መሕትት ናይቲ መፅናዕቲ ዋና መእከቢ መሳርሕታት እዮም። በዚ ኣቢልካ ዝተረኸበ መረዳእታ ድማ 13 ዕፅዋት ሕቶታት ብምድላው ብትዕዝብቲ ተጠናኺሩ እዩ።

### 3.2.2 ትዕዝብቲ

ናይዚ መፅናዕቲ ቀንዲ ትኹረት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብምኺኑ ብፅሑፋዊ መሕተት ካብ መምህራንን ተምሃሮን ዝተኣከበ መረዳእታ ጥራሕ ብምሓዝ ናብ መደምደምታ ምብፃሕ እኹል ስለዘይኮነ መምህራንን ተምሃሮን ዝገለፅዎ ሓሳብ ኣብ ክፍሊ ከመይ ይትግበር ከም ዘሎ ብኣካል ምዕዛብ ወሳኒ እዩ። ስለዝኾነ ኣብተን ብኣካል ዝተሓረያ ኣብያተ ትምህርትን ደረጃ ክፍልን ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ዝህሉ እዋን ሰለስተ ግዜ ትዕዝብቲ ክፍሊ ተኻይዱ እዩ። ቅድሚ ትዕዝብቲ ወይ ምልከታ ክፍሊ ምክያድ ግን 13 ንጥፈታት ዝሓዘ ሓደ ሰደቓ ተዳልዩ እዩ። ኣብ እዋን ትዕዝብቲ ብመሰረት እቲ ሰደቓ ዝርዝር መረዳእታታት ተኣኪቦም እዮም። ብሓፈሻ ናይቲ መፅናዕቲ ባህርን ዕላማን መሰረት ብምግባር መጠናውን ዓይነታውን መረዳእታታት ዝጠልብ ስለዝነበረ ብፅሑፋዊ መሕትት፣ ነዚ ዘጠናኽር ድማ ትዕዝብቲ ብምጥቃም መረዳእታታት ተኣኪቦም።

## 3.3 ሜላ ኣተናትና መረዳእታ

ዝተኣከቡ መረዳእታታት ብምውዳድ ንምትንታን እቲ መፅናዓይ ኣካል ዝመረፆ ሜላ ኣተናትና መረዳእታ መጠናዊ (ቁፅራዊ)ን ዓይነታዊ (ብሓተታ) ትንተና ተኻይድሎም እዩ። እዚ መፅናዕቲ ብፅሑፋዊ መሕትትን ትዕዝብትን ዝተረኸቡ መረዳእታታት መሰረት ብምግባር ግንዛበ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ትግበራ ተፍትሻት ዘለዉ ፀገማት መሰረት ብምግባር ትንተና ተኻይዱ።

ብትዕዝብቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ኣብ ምትንታን መጠናዊ ኣተናትና ኣብ ረብሓ ዝውዓለ እንትኸውን መረዳእታ ንመንበቢ ብዝጥዕም ምቕራብ ኣብ መደምደምታ ምብፃሕ ዝብሉ ክልተ ክፋላት ትንተና መረዳእታ ኣብ ግምት ውሽጢ ኣትዮም እዮም። ብፅሑፋዊ መሕተትን ትዕዝብትን ዝተኣከበ መጠናውን ዓይነታውን መረዳእታ ብመልክዕ ገለፃ ትንተና ተኻይድሉ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ኣቀራርባ መረዳእታን ኣተናትናን

ካብ መምህራንን ተምሃሮን ብፅሑፋዊ መሕትትን ትዕዝብትን ዝተኣከቡ መረዳእታታት መጠናውን ዓይነታውን መይላ ኣተናትና ብምጥቃም ትንተና ዝተኻየደሉ ክፍሊ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ፈለማ ቀሪቡ ዘሎ ድሕረ ባይታ ተፀናዕቲ መምህራን ተምሃሮን ኰይኑ ናይ ተፀናዕቲ መምህራን ፆታ፣ ደረጃ ትምህርቲ፣ስራሕ ልምዲ፣ ዝሓዝዎ ክፍለ ግዜ፣ ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ዝህልዎም ተወሳኺ ሓላፍነትን ዕድመ ተሳተፍቲ መምህራንን ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እዩ። ቀፂሉ ናይ እቶም ንመፅናዕቲ ዝተሓረዩ ተምሃሮ እውን እንተኾነ ብመንፅር ፆታን ዕድመን ትንተና ተኻይድሉ ኣሎ።

ኣብ ኣቀራርባ መረዳእታ ግንዛበ መምህራንን ተምሃሮን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ፣ ፀገማት ወይ ክፍተታት መፍትሒ ሓሳባትን ብመንፅር ሕቶታት መፅናዕቲ ብፅሑፋዊ መሕትትን ተዕዝብትን ዝተረኸቡ መረዳእታታት ብመጠናውን ዓይነታውን ተተንቲኖም ቀሪቦም እዮም።

## 4.1. ድሕረ ባይታ ወሃብቲ መረዳእታታት

### 4.1.1. ድሕረ ባይታ ተፀናዕቲ መምህራን

ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተሳተፉ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የጭላ፣ ሽውዓተ ሕጉምን ጅጅቀን ዘምህሩ መምህራን ንመርኣያ ዝተሓረዩ ድሕረ ባይተኦም፦

እቶም ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተሳተፉ መምህራን በዝሓም 10 እንትኾኑ ካብ እዚኣቶም 50 ሚኢታዊ ደቂ ተባዕትዮን 50 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮን እዮም። ተሳተፍቲ መምህራን ብመንፅር ደረጃ ትምህርቲ እንትርእ 5ቲኦም ካልኣይ ድግሪ እንትኾኑ 5ቲኦም ድማ ቀዳማይ ዲግሪ እዮም።

ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ንመፅናዕቲ ካብ ዝተሓረዩ መምህራን ስራሕ ልምዲ እንትንዕዘብ ድማ ካብ 7 እስካብ 11 ዓመት ግልጋሎት ዘለዎም እዮም። ነንሕድሕዶም ብሚኢታዊ ስራሕ ልምዶም እንትግለፅ እቶም 2 መምህራን 7 ስራሕ ልምዲ ዘለዎም 20 ሚኢታዊ እንትንዕዘብ ካብ 8 እስካብ 9 ድማ 4 መምህራን ኰይኖም 40 ሚኢታዊ ካብ 10 እስካብ 11 እውን 4 መምህራን ኰይኖም 40 ሚኢታዊን ስራሕ ልምዲ ዘለዎም እዮም። እቶም ዝበዝሑ መምህራን ነዊሕ ናይ ስራሕ ልምዲ ዘለዎም ምኳኖም ዘመላኽት እዩ።

ኣብተን ንመፅናዕቲ ዝተሓረያ ኣብያተ ትምህርቲ 9ይ ክፍሊ ዘምህሩ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ብዘምህርዎ በዝሒ ክፍለ ግዜ እንትርአ ድማ ካብ 16 እስካብ 20 ኣርባዕተ መምህራን ዝሓዙ ኮይኖም 40 ሚኢታዊ ይሽፍን። ካብ 21 እስካብ 25 ክፍለ ግዜ ዝሓዙ መምህራን 6 እንትኾኑ ብሚኢታዊ እንትግበጥ 60 እንትኸውን፤ ብተወሳኺ ሓላፍነት ብዝምልከት ድማ እቶም 8 መምህራን ብሚኢታዊ እንትግበጥ 80 ዝአኽሉ ተደራቢ ስራሕ ዘለዎም እንትኾኑ እቶም ዝተረፉ 2 መምህራን 20 ሚኢታዊ ዝኾኑ ተደራቢ ሓላፍነት ዘይብሎም ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ጥራሕ ዘሳልጡ እዮም። እዞም ተደረብቲ ስራሕቲ ክፍሊ ሓላፍነት ከይሓወሰ ንመምህራን ብተደራብነት ዝወሃብ ሓላፍነት ዩኒት፣ ተፀዋዒ ዲፓርትመንት፣ ክለባትን ኮሚቴታትን ዝኣመሰሉ እዮም። ዕድመ ተሳተፍቲ መምህራን እንትረአ ካብ 31 እስካብ 40 ዓመት 2 መምህራን ኰይኖም 20 ሚኢታዊ፣ ካብ 41 እስካብ 50 ዓመት 6 መምህራን ኰይኖም 60 ሚኢታዊ ልዕሊ 51 ዓመት ድማ 2 መምህራ ኰይኖም 20 ሚኢታዊ ይኸውን። ስለዚ እቶም ዝበዝሑ መምህራን ተወሳኺ ስራሕ ዘለዎምን ብሰንኪ እዚ ድማ ኣብ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ናይ ባዕሉ ፅልዋ ከምዘለዎ የማላኽት።

### 4.1.2. ድሕረ ባይታ ተፀናዕቲ ተምሃሮ

ናይእዚ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ተምሃሮ ድሕረ ባይታኦም ብዝስዕብ መልክዑ ይግለፅ። ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተሳተፉ ተምሃሮ 9ይ ክፍሊ ኰይኖም ጠቕላላ በዝሖም 100 እዮም። ካብዚኣቶም እቶም 50 ተምሃሮ 50 ሚኢታዊ ዝሽፍኑ ደቂ ተባዕትዮ እንትኾኑ እተን ዝተረፋ 50 ሚኢታዊ ድማ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብመንፅር ዕድመ እንትረአ ድማ 60 ተምሃሮ ደቂ 16 እንትኾኑ 60 ሚኢታዊ ዝሽፍኑ ኰይኖም እቶም ዝተረፉ ድማ ደቂ 17 ዓመት እንትኾኑ 40 ተመሃሮ ኰይኖም 40 ሚኢታዊ ዝሸፈኑ እዮም። ስለዚ ብመንፅር ብስለት ፆታን ዕድመን እቲ ዝተወሃበ ሓብሬታ ተኣማንነት ክህልዎ ከምዝእል ካብቲ ዝተዘርዘረ መረዳእታ ምግንዛብ ይከኣል።

## 4.2. ትንታነ መረዳእታ

ናይ እዚ መፅናዕቲ ዕላማታት ንምዕዋት ሰለስተ ቀንዲ ቀንዲ ሕቶታት ተላዒሎም እዮም። እዞም ሕቶታት ንምምላስ ድማ መረዳእታታት ብፅሑፋዊ መሕተትን ትዕዝብትን ወይ ምልከታ ክፍሊ ተአኪቦም እዮም። እዞም መረዳእታ መአከቢ መሳርሕታት ብመጠናውን ዓይነታውን ክግለፁ ዝኽእሉ ሕቶታት ዝሓዙ እዮም። ዝተአከቡ መረዳእታታት ብሕቶታት መፅናዕቲ መሰረት ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

### 4.2.1. ግንዛበ መምህራንን ተምሃሮን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ንምትግባር ተኸታታሊ  ተፍትሽ ክልስ ሓሳባውን ተግባራውን ግንዛበ ፣ ፍልጠትን ክእለትን እቲ ሕቶ መፅናዕቲ ምህላዉ ኣገዳሲ እዩ። ብምኳኑ ድማ መምህራንን ተምሃሮን ክንደየናይ ዝኣክል ግንዛበ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣለዎም ንዝብል ዝተኣከበ መረዳእታ ከምዚ ዝሰዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

#### 4.2.1.1. ግንዛበ መምህራን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ብዛዕባ ግንዛበ መምህራን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣመልኪቱ ንመምህራን ዝቐረቡ ፅሑፋዊ መሕተት ከምእዚ ዝሰዕብ ተተንቲኖም ቀሪቦም ኣለዉ። ብዛዕባ ግንዛበ መምህራን ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንምፍላጥ ዓሊሙ ዝሰዕብ ሕቶ ቀሪቡ ዝተረኸበ መረዳእታ ኣሎ።

ትርጉም ግቡእነት ተኸታታሊ ተፍትሽ ምግላፅ ትኽእሉ ዶ?

እዚ ኣብ ፅሑፋዊ መሕትት ዝቐረበ ሕቶ ብተሳተፍቲ መምህራን ዝሃብዎ መልሲ ካብቶም 10 ተፀናዕቲ እቶም 3 ከምዚ ዝስዕብ መልሲ ሂቦም። ተምሃሮ ንዝተመሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጥዎ ንምፍላጥ ዝግበር መረዳእታ ናይ ምእካብ ከይዲ እዩ። እንትብሉ ካብቶም 10 መምህራን እቶም 3 ድማ ዘይተማልአ መልሲ መረዳእታ ናይ ምእካብ ከይዲ እዩ ኢሎም እንትምልሱ ዝበዝሑ መምህራን ኣብ እንታይነት ተኸታታሊ ተፍትሽ እኹል ዝኾነ ግንዛበ ከምዘየብሎም እቲ ዝሃብዎ መልሲ የመላኽት። እቶም 4 መምህራን እንተኾኑ እውን ነቲ ሕቶ ብዝግባእ ክምልስዎ ኣይከኣሉን። ፅቡቕ ግንዛበ ዘለዎም ካብ እቶም ተፀናዕቲ እቶም ብጣዕሚ ውሑዳት እዮም። ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክፍሊ ብኣግባቡ ተተግብርዎ ዶ? ንዝብል ሕቶ ካብ እቶም መርአያ ተፀናዕቲ እቶም 7 ዝኾኑ መምህራን ብኣግባቡ ከምዘይትግብርዎ ምላሾም እንትህቡ እቶም ዝተረፉ 3 ተፀናዕቲ ግን እወንተናዊ ዝኾነ መልሲ ሂቦም። ስለዚ ካብዚ ክንግንዘቦ እንኽእል ኣብ እተን ንመፅናዕቲ ዝተሓረያ ኣብያተ ትምህርቲ 9ይ ክፍሊ ዘምህሩ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብኣግባቡ ዘይትግበር ምኳኑ ካብቲ ዝሃብዎ መልሲ ምዕዛብ ይካኣል። ከም ምኽንያት ኢሎም ዘቕርብዎም እኹል ዝኾነ ሓፀርትን ነዋሕትን ስልጠናታት ስለዘይወሃብ፣ ሸለልትኝነት፣ ፃዕቒ ስራሕ ምስ ክለባት፣ ኮሚቴታት፣ መንግስታውን ውድባትን ኣኼባታት በዝሒ ምህላው፣ ዋሕዲ ማተርያልን መምሃሪ ክፍልታትን ሰፊሕ ኣፍልጦ ዘይምህላውን እዮም።

**ሰደቓ 1. ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ**

ኣብ ክፍሊ ዝትግበሩን ዘይትግበሩን ተኸታታሊ ተፍትሽ ብመልሲ ወሃብቲ መምህራን ዝተወሃበ መልሲ።

| ዓይነት ንጥፈታት | ምላሽ | | | |
|---|---|---|---|---|
| | ይትግበር | | ኣይትግበርን | |
| | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ |
| ዕዮ ጉጅለ | 7 | 70 | 3 | 30 |
| ውልቀ ዕዮ | 3 | 30 | 7 | 70 |
| ዕዮ ፅምዲ | _ | _ | 10 | 100 |
| ዕዮ ገዛ | 7 | 70 | 3 | 30 |
| ዕዮ ክፍሊ | 7 | 70 | 3 | 30 |
| ዕለታዊ ክትትል | 2 | 20 | 8 | 80 |
| ተሳትፎ | 4 | 40 | 6 | 60 |
| ስራሕቲ ፕሮጀክት | 1 | 10 | 9 | 90 |
| ኣብ ገዛ ዝስራሕ ፈተና | _ | _ | 10 | 100 |
| ሓፀርቲ ፈተናታት | 10 | 100 | _ | _ |
| ርብዒ ዓመት ፈተና | 10 | 100 | _ | _ |
| መጠቓለሊ ፈተና | 10 | 100 | _ | _ |

ኣብ እዚ ሰደቓ እዚ ከምንዕዘቦ ኣብ አተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ መንጎ መምህራን ዘይምዑሩይ አጠቓቕማ ከም ዘሎ የመላኽት።ንአብነት ዕዮ ጉጅለ ካብ እቶም ተሳተፍቲ መምህራን እቶም 30 ሚኢታዊ ዝኹኑ ኣብ ግብሪ ኣየወዐልዎን። ዕዮ ውልቀ ድማ ካብ ዕዮ ጉጅለ ኣዝዩ ዝባአሰ ዘይትግበር ምዃኑ እቲ መፅናዕቲ ይሕብር። እቶም 30 ሚኢታዊ ከተግብርዎ ከለዉ እቶም 70 ሚኢታዊ ዘየተግብሩ እዮም። ዕዮ ፅምዲ ብመሰረት እቲ መፅናዕቲ ሓደ እኳ ዘየተግብር ምዃኑ እዩ። 100 ሚኢታዊ ዘየተግብሩ ምዃኖም ካብቲ ሰደቓ ምርኣይ ይካኣል። ዕዮ ገዛ እቶም 70 ሚኢታዊ ከተግብሩ ከለዉ እቶም 30 ሚኢታዊ ግን ኣብ ግብሪ ኣየውዕልዎን። ካብ እዚ እቶም ዝበዝሑ ተሳተፍቲ ኣብ ተግባር እንተውዕልዎ ንዕዘብ። ዕለታዊ ክትትል ኣብዝሓ እቶም ተሳተፍቲ መምህራን አብ ተግባር ዘየውዕልዎ ምዃኑ እቲ ዝተገለፀ ኣሃዝ የማላኽት። 20 ሚኢታዊ ዝኾኑ ኣብ ተግባር እንተውዕልዎ እቶም 80 ሚኢታዊ ግን ዘየተግብሩን ብአሉታዊ መልክዑ ዝተገለፀ እዩ። ተሳትፎ ከም ዘማላኽቶ እቶም 4 መምህራን 40 ሚኢታዊ ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ከለዉ እቶም 6 መምህራን 60 ሚኢታዊ ዝበዝሕ ዝሓዘ ግን ኣየተግብሩን። ስራሕቲ ፕሮጀክት 10 ሚኢታዊ ዘተግብሩ እንትኾኑ ብኣንፃሩ እቶም 90 ሚኢታዊ አብ ግብሪ ዘየውዕሉን አብተን አብያተ ትምህርቲ  ስራሕቲ ፕሮጀክት አዝዩ ዘይወሃብን ብጣዕሚ ውሑድ ምዃኑ የመላኽት።

አብ ገዛ ዝስርሑ ፈተናታት ፈፂሞም ዘይወሃቡን እቲ መምህር ብግብሪ ዘይፈልጦ ዓይነት ተፍትሽ እዩ። ካብ እቶም ጠቕላላ ተሳተፍቲ መምህራን 100 ሚኢታዊ አብ ግብሪ ዘውዓለ የለን። ናይ እዚ ውፃኢት ብምልኦም ዘየተግብርዎም ምዃኖም እቲ መረዳእታ ይሕብር። ሓፀርቲ ፈተናታት ፣ርብዒ ዓመት ዝወሃብ ፈተናታት፣ ምጠቓለሊ ዓመት ብምልኦም ተሳተፍቲ መምህራን ኣብ ተግባር የውዕልዎ እዮም። አብቲ ሰደቓ ከምዘማላኽቶ ዋላ ሓደ ሚኢታዊ ካብቶም ተሳተፍቲ መምህራን ዘየተግብሩ ከምዘለዉ ይሕብር።

ስለዚ ካብዚ ሰደቓ እዚ ምግንዛብ ዝከኣል  ሓፀርቲ ፣ ርብዒ ዓመትን ምጠቓለሊን ዝወሃቡ ፈተናታት አብ ምሃብ ፀገም ከምዘየለ  እንትንግንዘብ ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ገዛ ዝወሃብ ፈተናታት፣ ስራሕቲ ፕሮጀክት፣ ዕለታዊ ክትትልን ዕዮ ፅምዲ ግን አብ ምትግባር ሕፅረት ከምዘሎ ምግንዛብ የድሊ። ብእቶም ተፀናዕቲ ሓላፍ ዘላፍ ዘለዎም ተኸታተልቲ ተፍትሻት ድማ ከም ዕዮ ጉጅለ፣ ዕዮ ውልቀ፣  ዕዮ ክፍሊ ይተርፎም እዩ። ግን ድማ አተገባብራኦም አብ ማእኸል ዝስርዑ እዮም።

**ሰደቓ 2. መተግበሪ ትልሚ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝምልከት፦**

| ንጥፈታት | ምላሽ | | | |
|---|---|---|---|---|
| | እወ | | ኣይፋሉን | |
| ብብርኪ ቤት ትምህርትኹም መተግበሪ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣለኩም ዶ? | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ |
| | – | – | 10 | 100 |

ብብርኪ ቤት ትምህርቲ ደረጃኡ ዝሓለወ መፈተሺ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣለኩም ዶ? ንዝብል ሕቶ ተሳተፍቲ ዝሃብዎ መልሲ ከምቲ ኣብ ሰደቓ እንዕዘቦ እዩ። ዋላ ሓደ እኳ ብኣግባቡ ተምሃሮ ዝፍተሹ ከምዘይኾኑ 100 ሚኢታዊ እቲ ዝሃብዎ መልሲ ኣመላኺቱ። ከከም እቲ መምህር ዝጥዕሞ መንገዲ ዝጓዓዝ ምዃኑ ናይቲ ሰደቓ ውፅኢት ዝተፈላለየ ኣሃዝ ኣርእዩ።

ንመምህራን ዝተሓተትዎም ንጥፈታት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብተመሳሳሊ ንተምሃሮ እውን ተሓቲትኦም እዮም። ንተምሃሮ ምሕታት እቶም ተሳተፍቲ መምህራን ክንደየናይ ዝሃብዎ መልሲ ሓቂ ምዃኑ ንምርግጋፅ ረብሓ ኣለዎ። ብመልክዕ ፅሑፋዊ ማሕተት እቶም ተሳተፍቲ ተምሃሮ ከምዚ ዝስዕብ መልሲ ሂቦም።

### 4.2.1.2. ብዛዕባ ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ካብ ተምሃሮ ዝተረኸበ መረዳእታ፦

መምህራን ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣመልኪቱ ንዝቐረበሎም ፅሑፋዊ መሕትት ንዝሃብዎ መልሲ ንምርግጋፅ ንተምሃሮ ፅሑፋዊ መሕትት ቀሪቡ ነይሩ። ካብ እቶም ተፀናዕቲ ተምሃሮ ድማ ዝተረኸበ መልሲ ብመልክዕ ሰደቓ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ሰደቓ 3. ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊኡ ተፍትሽ ካብ ተምሃሮ ዝተረኸበ መረዳእታ

| ዓይነት ንጥፈታት | ምላሽ | | | |
|---|---|---|---|---|
| | ይትግበር | | ኣይትግበርን | |
| | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ |
| ዕዮ ውልቀ | 33 | 33 | 67 | 67 |
| ዕዮ ጉጅለ | 79 | 79 | 21 | 21 |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ዕዮ ክፍሊ | 79 | 79 | 21 | 21 |
| ዕዮ ገዛ | 78 | 78 | 22 | 22 |
| ዕዮ ፅምዲ | _ | _ | 100 | 100 |
| ዕለታዊ ክትትል | 15 | 15 | 85 | 85 |
| ኣብ ገዛ ዝስርሑ ፈተናታት | _ | _ | 100 | 100 |
| ስራሕቲ ፕሮጀክት | 10 | 10 | 90 | 90 |
| ተሳትፎ | 16 | 16 | 84 | 84 |
| መጠቓለሊ ፈተና | 100 | 100 | 0 | _ |
| ሓፀርቲ ፈተናታት | 100 | 100 | 0 | _ |
| ርብዒ ዓመት ፈተና | 100 | 100 | 0 | _ |

እዚ ሰደቓ ብተሳተፍቲ ተምሃሮ ዝኾኑ ዝተውሃበ ግብረ መልሲ ኾይኑ ኣብ ተሳተፍቲ መምህራን ብዛዕባ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝተውሃበ ምላሽን ብተሳተፍቲ ተምሃሮ ዝተውሃበን እንትነፃፀር ተመሳሳሊ ዝኾነ ውፃኢት መፅናዕቲ ሂቡ።

ካብቶም 100 ተሳተፍቲ ተምሃሮ እቶም 79 ሚኢታዊ ዝትግበር ምኻኑ መልሲ እንትሀቡ 21 ሚኢታዊ ድማ እቲ ዕዮ ጉጅለ ዘይትግበርን መምህራን ተምሃሮኦም በዚ ንጥፈት እዚ ዘይጥቀምሉ ምኻኖም እቲ መረዳእታ የመላኽት። ናብ ዕዮ ውልቀ እንትንሰግር እቶም ተሳተፍቲ መምህራን ዝሃብዎ መልሲ ተመሳሳሊ ኹይኑ እቲ ንጥፈት ይትግበር እዩ ዝብሉ 33 ሚኢታዊ እንትሕዝ እቲ 67 ሚኢታዊ ግን መምህራን ከም ሓደ ንጥፈት ኩይኑ ብመልክዕ ፈተና ከምዘይውሃብ ኣብቲ ሰደቓ ምርኣይ ይከኣል። ዕዮ ፅምዲ ዝበሃል ንጥፈት ፈፂሙ ከም ሓደ ንጥፈት ዝትግበር ኣይኮነን። 100 ሚኢታዊ ክፍሊ ውሽጢ ዘይትግበር ምኻኑ ኣብቲ ተሳተፍቲ መምህራን ከም ዝተረጋገፀ ኣብ ተሳተፍቲ ተምሃሮ እውን ሓደ ዓይነት መልሲ ኣርእዩ። ዕዮ ገዛን ዕዮ ክፍልን ኣብ ትግበራ እዋን በቶም ተሳተፍቲ ተምሃሮ ተመሳሳሊ ግብረ መልሲ ዝሃቡ እንትኸውን ዕዮ

ገዛ ይትግበር እዩ ዝብሉ 78 ሚኢታዊ እቶም ዝተረፉ 22 ሚኢታዊ ድማ ዘይትግበር ምኺኑ እዮም ዝሓበሩ። ዕዮ ክፍሊ እንትንርኢ 79 ሚኢታዊ ዝትግበር ምኺኑ ከይሓበሩ ኣይሓለፉን። እቶም 21 ሚኢታዊ ከዓ መምህራን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ከም ተፍትሽ ገይሮም ዘይሓስብዎ እዮም። ዕለተዊ ክትትል እቶም 15 ሚኢታዊ ተምሃሮኦም ዕለታዊ ክትትል ብምግባር ንተምሃሮኦም ነጥቢ ምሃብ ጠመተ እንትገብሩ እቶም ዝተረፉ 85 ሚኢታዊ ንዕለታዊ ክትትል ፈፂሞም ትኹረት ከምዘይገብሩ ኣብ ዝሃብዎ መልሲ ምርግጋፅ ይከኣል። ተሳትፎ ተምሃሮ እውን እንተኾነ ምስ ዕለታዊ ክትትል ተመሳሳሊ ውፃኢት ኣለዎ። እቶም 84 ሚኢታዊ ዝኾኑ ተሳተፍቲ ተምሃሮ ብመምህራኖም ተሳትፎ ዝበሃል ትኹረት ከምዘይህብሉን እቶም ዝተረፉ 16 ሚኢታዊ ተሳትፎ ጠመተ ከምዝገብሩን ዝሳተፉን ዘይሳተፉን ተምሃሮ ብምፍላይ ማርኪ ዝህቡ ምኺኖም እንትጥቀሱ ስራሕቲ ፕሮጀክት ኣብ እንርእየሉ እዋን እቶም ኣዝዮም ዝበዝሑ መምህራን 90 ሚኢታዊ ዘየተግብሩ ብተሳተፍቲ ተምሃሮ መልሲ ዝተወሃበ እንትኸውን 10 ሚኢታዊ ግን ስራሕቲ ፕሮጀክት ሂቦም ናይ ተምሃሮኦም ብቕዓት ዝፍትሹ እዮም። ኣብ ገዛ ዝስራሕ ፈተና ፈፂሞም መምህራን ከም ሓደ ተኸታታሊ ተፍትሽ ጌሮም ዘይረእዎ 100 ሚኢታዊ ዘይትግበር ምኺኑ እቶም ተሳተፍቲ ተምሃሮ ይገልፁ።

ሓፀርቲ ፣ርብዕን መጠቓለሊ ፈተናታትን ከም እቶም ተሳተፍቲ መምህራን ምሉእ ብምሉእ ይትግበር እዩ ዝብሉ እንትኾኑ ተሳተፍቲ ተምሃሮ እውን ተመሳሳሊ ዝኾኑ መልሲ ሂቦም። ኣብ ሰለስቲኦም ንጥፈታት 100 ሚኢታዊ ዝትግብሩ ምኺኖም ገሊፆም።

ብዛዕባ ግንዛበ መምህራን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንዕላማ ሓደ መሰረት ብምግባር ብተወሳኺ ትዕዝብቲ ተኻይዱ ነይሩ። ብእዚ ምኽንያት ከምእዚ ዝስዕብ ተተንቲኑ ቀሪቡ ኣሎ።

ካብ ትዕዝብቲ ወይ እውን ምልከታ ክፍሊ ዝተረኸበ ሓብሬታ፡-

ካብኣቶም መረዳእታ ንምርካብ ካብ ዝተሓረዩ መአከቢ መሳርሕታት እቲ ሓደ ትዕዝብቲ ወይ ምልከታ ክፍሊ ኾይኑ ብፅሑፋዊ መሕትት ንዝተአከቡ መረዳእታታት ብትዕዝብቲ ኣቢሉ ምርግጋፅ ይከኣል። እዚ መአከቢ መረዳእታታት ኣብ ዝህብሉ እዋን መረዳእታ ዝእክብሉ ማርኪ መዋህለሊ ብተግባር ብምርኣይ ኣብ ኣተገባብራኡ ሓቃውነቱ ምርግጋፅ ይከኣል።

መፅናዕቲ ዘካይድ ብኣካል ኣብቲ ውሽጢ ክፍሊ ምስቲ ፈታሻይ መምህር ብሓባር ኰይኖም ዝተኣማመንሉ መአከቢ መሳርሒ እዩ። ብሓፈሻ ነቲ ብፅሑፋዊ መሕትት ዝተኣከበ መረዳእታ ትኽክለኛነቱ ምርግጋፅ እዩ።

**መጥለሊ ነጥብታት**

**ሰደቓ 4. ኣብ ውሽጢ ክፍሊ መምህራን ንተምሃሮኦም ተኸታታሊ ተፍትሽ ከመይ ከምዘተግብርዎ ኣብ 10 መምህራን ዝተኻየደ ትዕዝብቲ ወይ ክፍሊ ምልከታ**

| ዓይነት ንጥፈታት | ምላሽ | | | |
|---|---|---|---|---|
| | ዝትግበሩ | | ዘይትግበሩ | |
| | በዝሒ መምህራን | ሚኢታዊ | በዝሒ መምህራን | ሚኢታዊ |
| ዕዮ ጉጅለ | 7 | 70 | 3 | 30 |
| ዕዮ ውልቀ | 4 | 40 | 6 | 60 |
| ዕዮ ፅምዲ | _ | _ | 10 | 100 |
| ዕዮ ገዛ | 7 | 70 | 3 | 30 |
| ዕዮ ክፍሊ | 7 | 70 | 3 | 30 |
| ተሳትፎ | 4 | 40 | 6 | 60 |
| ዕለታዊ ክትትል | 4 | 40 | 6 | 60 |
| ኣብ ገዛ ዝስርሑ ፈተናታት | _ | _ | 10 | 100 |
| ሓፀርቲ ፈተናታት | 10 | 100 | _ | _ |
| ርብዒ ዓመት ፈተና | 10 | 100 | _ | _ |
| መጠቓለሊ ፈተና | 10 | 100 | _ | _ |

ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ስደቓ ኣብ 10 መምህራን ብተኸታታሊ ከክልተ ጊዜ ንሓደ መምህር ናብ ክፍሊ ብምእታው ዝተኻየደ ትዕዝብቲ ኾይኑ ዝተአከበ ዋና መረዳእታታት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ተተንቲኑ ይርከብ። ውፃኢት ትንታነ ምስቲ ፅሑፋዊ መሕትት ተሳተፍቲ መምህራንን ተምሃሮን ዝሃብዎ መልሲ

ተመሳሳሊ ዝኾነ ግብረ መልሲ ኣርእዩ። ኣብነት ዕዮ ጉጅለ ብተሳተፍቲ መምህራን 70 ሚኢታዊ፣ ብተምሃሮ 79 ሚኢታዊ ኣብ ዝተኻየደ ክፍሊ ምልከታ 70 ሚኢታዊ ዝኾኑ መምህራን ዕዮ ጉጅለ ንተፍትሽ ኣብ ረብሓ እንተውዕሉ እቶም ዝተረፉ 30 ሚኢታዊ ድማ ንጉጅለ ዕዮ ከም መፈተሺ ገይሮም ትኹረት አይህብሉን።

ዕዮ ውልቀ ካብቶም 10 መምህራን እቶም 4 መምህራን ዘተግብርዎ እንትኾኑ እቶም ዝተረፉ 60 ሚኢታዊ ግን ጠመተ ዘይገበርሉ ምኺኖም እቲ ዝተረኸበ መረዳእታ እንተመላኽት ዕዮ ፅምዲ እውን እንተኾነ ትኹረት ዘይግበረሉ ንጥፈት ምኳኑ ብትዕዝብቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ይሕብር። ብመምህራን ይኹን ብተምሃሮ 100 ሚኢታዊ ዘይትግበር ምኳኑ ምርዳእ ይከኣል። ዕዮ ገዛን ዕዮ ክፍልን ተመሳሳሊ ዝኾነ ውፃኢት ዘርአየ እንትኸውን እቶም 70 ሚኢታዊ ዕዮ ክፍልን ገዛን ዘተግብሩ ዝተረፉ 30 ሚኢታዊ ድማ ዘየተግብርዎ እዮም። ተሳትፎ እቶም ዝበዝሑ መምህራን 60 ሚኢታዊ ኣብ ተግባር ዘየውዕልዎ ክኾኑ ከለዉ እቶም 40 ሚኢታዊ ግን ተምሃሮኦም ዝዕቅንዎም ምኺኖም እቲ ዝሃብዎ መልሲ የመላኽት። ዕለታዊ ክትትል እቶም 60 ሚኢታዊ ዘይጥቀምሉ እንትኾኑ 40 ሚኢታዊ ግን ኣብ ተግባር ብምውዓል ተምሃሮኦም ዝመፅእን ዘይመፅእን ተኸታቲሎም ዝሕሰብ ነጥቢ ዝህቡ እዮም። ኣብ ገዛ ዝስርሑ ፈተናታት ዓሰርቲኦም መምህራን 100 ሚኢታዊ ኣብ አተገብባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ጭላንጭል ዘየብሉ ንጥፈት እዩ። ክሳብ ሐዚ ዝራኣናዮም ኣብ አተገባብሮኦም ሓላፍ ዘላፍ ዘለዎም ዘይትግበሩ ንጥፈታት እንትኾኑ ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ንጥፈታት ግን ምስ ፅሑፋዊ ፈተናታት ዝተተሓዙ ስለ ዝኾኑ ምሉእ ብምሉእ ዘተግብርዎም እዮም። ኣብነት ሓፀርቲ ፈተናታት ሚኢቲ ሚኢታዊ ኣብ ሓደ ሰሚስተር ሰለስተ ግዜ ዝህቡ ምኺኖም ብፅሑፋዊ መሕትት ይኹን ብትዕዝብቲ እቲ ዝተአከበ መረዳእታታት ይሕብር። ርብዒ ዓመትን ምጠቓለሊ ፈተናን እውን ብተመሳሳሊ ሚኢቲ ሚኢታዊ ኣብ ክፍሊ ውሽጢ እቲ መምህር ዘተግብሮ ምኳኑ እቲ ስደቓ ምርአይ ይከአል። ብሓፈሻ ኣብ መንጎ እቶም መምህራን ተምሃሮኦም እንትፍትሹ ብሓደ ዓይነት መንገዲ ገይሮም ዘይዕቅኑ ምኺኖም ኣብ መዋህለሊ ነጥብን ካብ ዝተኻየደ ትዕዝብትን ምርዳእ ተኻኢሉ። አብ መምህራን ዝተኻየደ ትዕዝብቲ ምስ ብመምህራንን ተምሃሮን ዝተኻየደ ፅሑፋዊ መሕትት ግብረ መልሲ ተመሳሳሊ ውፃኢት አርእዩ።

### 4.2.2. ፀገማት መምህራን አብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ንምትግባር ተኸታታሊ ተፍትሽ ከም ፀገም ዝተልዓሉ ካብ ተሳተፍቲ መምህራን ዝተውሃቡ ምላሽ ከምእዚ ዝስዕብ ብመጠናውን ዓይነታውን ገለፃ ተኻይዱ ኣሎ።

**ሰደቓ 5. ፀገማት ተኸታታሊ ተፍትሽ ብአግባቡ ንከይፍፀሙ ዝዓግቱ ነገራት፡-**

| ንጥፈት | ምላሽ | | | |
|---|---|---|---|---|
| ተኸታታሊ ተፍትሽ ብኣግባቡ ከይትግበር ዝዓግቱ ፀገማት አለዉ ዶ? | እወ | | አይፋሉን | |
| | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ |
| | 8 | 80 | 2 | 20 |

ካብእዚ ሰደቓ ምግንዛብ ዝከኣል ተኸታታሊ ተፍትሽ ብአግባቡ ከይትግበር ዝዓግቱ ፀገማት ከም ዘለዉ እዮም። አብቲ ሰደቓ ዘርእየና እቶም 80 ሚኢታዊ ዝኾኑ ተሳተፍቲ መምህራን እወ ዝብል እንትምልሱ እቶም 20 ሚኢታዊ ድማ አይፋሉን ዝብል መልሲ ሂቦም። ነዚ መልሲ ዝመለስዎ እኹል ሓፅርትን ነዋሕትን ስልጠናታት ስለዘይወሃብ፣ በዝሒ ክፍለ ግዜ ምስ በዝሒ ክፍሊ ምሓዝ፣ አብቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ወፃኢ ዝህሉ በዝሒ ስራሕ ምስ ክለባት፣ ኮሚቴታት፣ ዲፓርትመንት፣ ውዳበን አኼባታት ምብዛሕ፣ንጥፋት ዘይኾኑ ኣብ ተኸታታሊ ተፍትሽ ፈተና ተኮር ወይ አብ መወዳእታ ትምህርቲ ዝወሃብ መዛዘሚ ተኸታተሊ ተፍትሽ ምጥቃም፣ ዋሕዲ ማተሪያልን መምሃሪ ክፍልታትን ተኸታታሊ ተፍትሽ ብአግባቡ ንከይፍፀምን ፀገማት ኢሎም ካብ ዝዘርዘርዎም ነጥብታት እዮም።

### 4.2.3. መፍትሒ ሓሳባት መምህራን ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ

ንመፍትሒ ሓሳብ ዝተዳለዉ ፅሑፋዊ መሕትት ብተፀናዕቲ መምህራን ክምልስዎም ተባሂሎም ዝተዳለዉ ሕቶታት ቁፅሪ 5፣ 6፣ 8ን 9ነ እዮም። እቶም ሕቶታት ምላሾምን ከምእዚ ዝሰዕብ ቀሪቦም ኣለዉ። ካብ እዚኣቶም ፍርቆም ብመልክዕ መጠናዊ ዝተዳለዉ እንትኾኑ ፍርቆም ድማ ብመልክዕ ዓይነታዊ ወይ ብምሉእ ሓሳብ ዝምለሱ እዮም። ንዘጋጥሙ ፀግማት ብኸማይ ትፈትሕዎም? ንዝብል ሕቶ ዝሃብዎ መልሲ ክምዚ ይብል፡- ካብእቶም ዓሰርተ ተሳተፍቲ ብዲፓርትመንት ዘተ ንገብር ዝበሉ 6 መምህራን አለዉ። እቶም 2 መምህራን ድማ ብዛዕባ መፍትሒኡ እዚ ዝባሃል አልዒልና አይንፈልጥን ኢሎም። እቶም 2 ድማ መልሲ ከይሃቡ ቀርዮም። ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ሕቶ ቅሩባት ከምዘይኾኑ እቲ ዝሃብዎ መልሲ የረድእ።

ሰደቓ 6. ንአተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መፍትሒ ዝኸውን ስልጠና ምሃብ ዝምልከት፡-

| ንጥፈት | ምላሽ | | | |
|---|---|---|---|---|
| ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መሰረት ዝገበሩ ስልጠናታት ተዋሂብኩም ይፈልጥ ዶ? | እወ | | ኣይፋሉን | |
| | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ |
| | 5 | 50 | 5 | 50 |

መልስኹም "እወ" እንተኾይኑ ንኽንደይ ዝአክል? ንዝብል ዝሃብዎ መልሲ ብመንፅር ሰደቓ 6. ዝምለስ ሕቶ ድማ፡-

| ንጥፈታት | ምላሽ | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| በዝሒ ዝወሃቡ ስልጠናታት | ብዙሕ ጊዜ | | ሓሓሊፉ | | ሓደ ጊዜ | | ኣይፋሉን | |
| | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ |
| | _ | _ | 3 | 30 | 1 | 10 | 6 | 60 |

ሰደቓ 6 ከም ዘመላኽቶ በዝሒ ስልጠናታት ዘይወሃብ ምኻኑ እዩ። እቲ ናይ መጀመርያ ሰደቓ ዘመላኽቶ ካብቶም ዓሰርተ ተሳተፍቲ መምህራን እቶም ኣርባዕተ 40 ሚኢታዊ ስልጠና ከምዝረኸቡ እቶም ሽድሽተ 60 ሚኢታዊ ግን ስልጠና ከምዘይወሰዱ የማላኽት። ዋላ እቶም ስልጠና ዝወሰዱ እውን ሓሓሊፉ ሓደ ጊዜ ዝወሰዱ እዮም። ካብእቶም ኣርባዕተ እቶም 30 ሚኢታዊ ሓሓሊፎም ስልጠና ዝረኸቡ እንትኾኑ እቲ ዓሰርተ ሚኢታዊ ግን ሓደ ጊዜ ስልጠና ዝወሰደ እዩ። እቶም ዝተረፉ 60 ሚኢታዊ ግን ስልጠና ከምዘይረኸቡ የረድእ። ብደመንፍሳዊ ነቲ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዘተግብሩ ምኻኖም ካብቲ መረዳእታ ምግንዛብ ይከኣል።

**ሰደቓ 7. ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክፍሊ ምትግባር ዝህቦም ረብሓ ግለፁ? ዝብል ሕቶ ዝሃብዎ መረዳእታ ከምእዚ ዝስዕብ ብሚኢታዊ ተገቢጡ ይርከብ።**

| ንጥፈት | ምላሽ | | | |
|---|---|---|---|---|
| ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክፍሊ ምትግባር ዝህቦም ረብሓ ምግላፅ ትኽእሉ ዶ? | እወ | | ኣይፋሉን | |
| | በዝሒ | ሚኢታዊ | በዝሒ | ሚኢታዊ |
| | 10 | 100 | _ | _ |

መልስኹም ‘’እወ’’ እንተኹይኑ ብኸመይ ትገልፅዎ? ንዝብል ሕቶ እውን ምስእቲ ሰደቓ ተተሓሒዙ ዝተወሃቦም እንትኸውን ብኸምዚ ድማ መሊሰም፦ እቶም ተሳተፍቲ ተኸታታሊ ተፍትሽ ረብሓኡ ንምግላፅ ከምዘየፅግሞም ሚኢቲ ሚኢታዊ “እወ” ዝብል መልሲ እንትህቡ እቲ ፀገም ዝሓበርዎ ግን ኣብ ምትግባር እዩ። ኩሎም ኣገባብ ተኸታተልቲ ተፍትሽ ኣብ ተምሃራይ ኣብ ተግባር እንተውዒሎም ዝህቦ ረብሓ ብዙሕ ከምዝኾነ እዩ። ኮይኑ ግን ብውነ ኣብ ተግባር ምውዓል ግን ፀገም ከምዘለዎም እዮም ዝገለፁ።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

# ምጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን

## 5.1. መጠቓለሊ

እዚ ኣብ ዞባ ማእኸላይ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የጮላ፣ ሸውዓተ ሕጉምን ጅጅቀን ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣፈፃፀማኡ ንምፍታሽ ዝዓለመ መፅናዕቲ እዩ። ነቶም ዝተገለፁ ሰለስተ ዕላማታት መልሲ ንምርካብ ፅሑፋዊ መሕትትን ትዕዝብትን ብምጥቃም ዓሰርተ መምህራን ንመርኣያ እንትሕረዩ ካብኣቶም 1400 ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ካብ 20 ክፍሊ ደረጃኦም ክሳብ ሓምሻይ ዝሓዙ ሚኢቲ ተምሃሮ ንመፅናዕቲ ተሳቲፎም እዮም። ብትዕዝብቲ እውን መረዳእታ ንምእካብ ኲሎም መምህራን ብምስታፍ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ብመጠናውን ዓይነታውን ገለፃ ብምክያድ ዘድሊ ዝበለ መረዳእታታት ተኣኪቦም ተተንቲኖም እዮም።

ብመሰረት ተኣኪቦም ዝተተንተኑ መረዳእታታት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ብርክት ዝበሉ ፀገማት ነይርዎም። ውፃኢት ተምሃራይ ብትኽክል ዘይምልካዕ፣ ሸለልተኝነት፣ ኣብ ኣተገባብራ ዓቕሚ ምንኣስ፣ ዝተገበረ ስልጠና ዘይምርካብ፣ ሕፅረት ማተርያል መምሃሪ ክፍልታትን ምህላው፣ ዘይምዕሩይ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ምጥቃም ዝበሉ ይርከብዎም። ውፃኢት ተምሃራይ ተኸታታልነት ብዘለዎ ምፍታሽ፣ ንኲሎም ኣገባባት ኣፈታትሻ ተኸታታሊ ተፍትሽ ምጥቃም፣ ተኸታተልቲ ሓፀርትን ነዋሕትን ስልጠናታት ክረኽቡ ምግባር፣ ዘድሊ መሳርሒታት ምምላእን ምዕሩይ ኣገባብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ምጥቃምን ዝብሉ ከም መፍትሒ ከምዝተቐመጡ ካብእቲ መፅናዕቲ ምግንዛብ ይከኣል።

## 5.2. መደምደምታ

እቶም ዝተረኸቡ መረዳእታታት መሰረት ብምግባር ዝስዕቡ ዝርዝር መደምደምታታት ተነፀሮም እዮም።

ብፅሑፋዊ መሕትትን ትዕዝብትን ዝተኣከቡ መረዳእታታት ከምዘርእዮ ኣብዝሓ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ግንዛበ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ እኹል ዝኾነ ኣፍልጦ ይንእሶም እዩ። ዝተወሰኑ መምህራን እውን ምስቶም ኣፍልጦ ይንእሶም ዝተበሃሉ ዘይምደቡን

እናፈለጡ ኣብ ምትግባር ዘይነጥፉ ምኧኖም እዚ መፅናዕቲ ኣረጋጊፁ። ኣብያተ ትምህርቲ ብኣብዝሓ መምህራን ዘተግብርዎ ተፍትሽ ኣብ ፈተና ተኮር ኰይኑ እቶም ዝተረፉ ንጥፈታት ከምእቶም ሓፀርቲ፣ ርብዕን መዘዘምን ፈተናታት ትኹረት ኣብ ምግባር ኣዝዩ ዝንእስ ምኧኑን ፈፂሞም ዘይትግበሩ ንጥፈታት ከምዘለዉ እንትኹኑ፣ ኣብነት ብፅምዲ ዝስርሑ ዕዮ ፈተናታት፣ስራሕቲ ፐሮጀክት፣ ኣብ ገዛ ዝስርሑ ፈተናታትን ተሳትፎን እዮም።

ኣብ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ መፅናዕቲ ኣብ ዝተኻየደለን ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የጮላ፣ ሸውዓተ ሕጉምን ጅጅቀን ዝተረአዩ ፀገማት ከም ዋሕዲ ማተርያላትን ሕፅረት መምሃሪ ክፍልታት፣ ፅልዋ ናይ ሕሉፍ ኣካይዳ ተፍትሽ ኣብዝሓ ምጥቃም፣ኣብ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዘሎ ኣፍልጦ ምንኣስ ፣ በዝሒ ክፍለ ግዜ ምሓዝ ነቲ ተኸታታሊ ተፍትሽ ብአግባቡ ንከይፍፀም ዕንቅፋት ምኧኑ፣ ኣብ መንጎ ኣብያተ ትምህርቲ ዝርከቡ መምህራን ነንባዕልኻ ዝሓሸ ተሙኩሮ ዘይምውሳድ፣ መምህራን ኣብ እዋን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብደጋዊ ስራሕቲ ምውጣር፣ ግዜን ጉልበትን ዝቑጥቡ ፅሑፋዊ ፈተናታት ኣድህቦ ምግባርን ናይ ሓፀርትን ነዋሕትን ስልጠናታት ዘይምርካብን ዝብሉ ካብ እቶም መፍትሒ ሓሳባት ዘድልዮም ርካቦታት እዮም።

## 5.3. ለበዋ

ብመሰረት ዝተረኸቡ መረዳእታታትን ዝተበፅሐ መደምደምታን ለበዋታት፡-

1. ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንምትግባር መጀመርታ ብዛዕባ ኣተገባብራኡ ብክልስ ሓሳብን ተግባርን ምምላኽ ይግባእ።ሚኒስተር ትምህርቲ ኣብእዚ ትኹረት ጌሩ ናይ ሓፀርትን ነዋሕትን ጊዜ ስልጠናታት ዝወሃበሉ ሜላታት ምትእልላሽ የድሊ።

2. ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ማለት እውን ዩኒቨርስትታትን ኮሌጃትን ኣብ ቀረበኦን ንዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ሓፀርቲ ስልጠናታት ክህባ እንተዝግበር።

3. ወረዳ ቤት ፅሕፈት ክፍሊ ትምህርቲ፣መራሕቲ ዲፓርትመንትን ርእሳነ መምህራንን ብብርኪ ቤት ትምህርቲ ፕሮግራማት ብምጥዕዓም መምህራን ዓቕሚ ዘዕብይሉ መንገዲ እንተዝፍጠር።

4. ሸለልተኝነት ንጎኒ ብምግዳፍ ጊዜኦምን ጉልበተሙን ንተምሃሮ ውፃኢታዊ ዝኾንሉ ሓገዝን ክትትልን ክገብሩ እንተዝግባእ።

5. ሓደ ቤት ትምህርቲ ካብእቲ ካሊእ ቤት ትምህርቲ ዝሐሸ አፈፃፀማ ተኸታታሊ ተፍትሽ ክህልው ስለ ዝኽእል ተመኩሮ ብምልውዋጥ አብእቲ ሓደ ዘየለ ናብእቲ ካልእ ቤት ትምህርቲ ብምትእትታው ዝሐሸ አተገባብራ ተፍትሽ ክኽተሉ እንተዝግበር።

6. አገባብ አተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ከዐንቅፉ ካብ ዝኽእሉ ነገራት ነፃ ብምኟን ቤት ትምህርቲ ይኹን መንግስቲ በጀት ብምብጃት ዝንበቡ መፅሓፍቲ፣ ማንዋላት ብምዕዳግ መምህራን ዓቕሞም ዘዕብይሉ ዕድል እንተዝመቻቾ።

7. መምህራን አብእቲ ግዚኡ ዝሓለፎ ተፍትሽ ተምሃራይ ወይ ከዓ ፈተና ተኮር ተናጊፎም ተኸታታልነት ዘለዎ ተፍትሽ ብምሃብ ተምሃሮኦም ብትሪ ክፍትሹ እንተዝግበር።

# ድጋፍ ወሃብቲ ድርሳናት


ሚኒስተር ትምህርቲ። 1992። ዓርሰ ሓገዝ ናይ ምምሃር ምስትምሃር ንዘምህሩ መምህራን (ዘይተሓተም ሞጁል)።

ትምህርቲ ሚኒስተር። 1999። ሃገር ኣቀፍ የመምህራን ሙያዊ ብቃት ማረጋገጫ (ያልታተመ ሞጅል)

ብድሩ እና ኣዱኛው። 1992። የትምህርት ክትትል። ግምገማ ፅንሰ ኃሳቦች። ኣዲስ አበባ በንግድ ማተምያ ድርጅት የታተሙ።

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ።1998። ከይዲ ምትላምን ምድላውን ተፍትሽ (ዘይተሓተመ ሞጅል)

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ።2003። አፈፅፅማ አደላልዋ ተኸታታሊ ተፍትሽ ዝተዳለወ ሞጅል ንመምህራንን አመራርሓ ትምህርትን 1ይን 2ይን ብርኪ አብያተ ትምህርቲ (ዘይተሓተመ ሞጅል)

ዳኒኤል ዘውዴ።2006። በክፍል ምዘና አተገባበር ተጨባጭ ስልቶች።ኮተሌ ዩኒቨርስቲ ኮሌጅ፣አዲስ አበባ፣ ቦሌ ህትመት ቤት ታተሙ።

Brhanu moges.2013.continous assessment tssues and practices tosecondary School in oromia region state Adama secende and Technology yniversity

Capper. J. 1996. Testing to leam leaming to testwashegton D.c Academy for Educational Development

Dawit kidane.1998. continous assessment practice in Add college of Teachers Education(AACTE) challenge and prosoects 2nd Annual Research c0nference (un publishd).

Quansah.k.2005. problem of continuous Assessment in basic schools. Accra (un publishd).

Lacina. J. Levine, L, and sowa, p. 2006. Helping English Language Learners Succeed in pre-Elementary school. USA, united Graphics Inc. Mattoon.

Nitko, A,J. 1996. Educational Assessment of students(3rd ed.) Engle Wood Cliff New Jersy, prentice Hall.Inc.

Shephard.L.A.2000.The R0le of Assessment in a learning culture. Presented At the Annual meeting of the AERA, New Orleans.

# ልጋብ ሀ

## መጠይቕ

መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የጭላ፣ ሽውዓተ ሕጉምን ጅጅቀን ዘምህሩ መምህራን ዝምላእ ፅሑፋዊ መሕትት፡-

ዝኸበርኩም መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ናይእዚ ፅሑፋዊ መሕትት ዕላማ ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ግቡእነት ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንዝካየድ መፅናዕታዊ ፅሑፍ መረዳዕታንምእካብ ዝዓለመ እዩ። ስለዚ እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ውፃኢታዊ ዝኸውን ናታትኩም ቅኑዕ ምትሕብባር እንትውሰኾ እዩ። ብምኺን ድማ እዚ ፅሑፋዊ መሕትት ብትኽክል ብምምላእ ክትተሓባበሩኒ ብትሕትና እንትሓትት ንዝግበረለይ ምትሕብባር ኣቐዲመ የምስግን።

ክፍሊ ሓደ፡ ወሃብቲ ሓበሬታ ኩነታት ዝሕተትሉ፡-

1. ፆታ ተባ _________ ኣነ ___________

2. ዕድመ 20- 30 __________ 31- 40 _________ 41 ን ልዕሊኡ ____________

3 .ደረጃ ትምህርቲ ስርቲፊኬት ____________ ዲፕሎማ __________ ዲግሪ _________ ማስተር ________

4 .ልምዲ ስራሕ 0- 5_________ 6- 10 _________ 11- 15 _________ 16- 20 _______ ልዕሊ 21 __________

ክፍሊ ኽልተ፡ ናይዚ መሕትት ኣመላልኣ ሕድሕድ ሕቶ ብትኽክል ድሕሪ ምንባብ ኣብ ቅድሚት ኣብ ዘሎ ባዶ ቦታ ብመሰረት እትስማምዕሉ እዚ ምልክት (x) ወይ ከዓ ብፅሑፍ መልሱ።

1.ትርጉም ተኸታታሊ ተፍትሽ ምግላፅ ትኽእሉ ዶ?

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

____________።

2. ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክፍሊ ተተግብርዎ ዶ? እወ_______ አይፋሉን________መልስኹም አይፋሉን እንተኾይኑ ብኸመይ ተተግብርዎ?

________________________________________________________________

________________________________________________________________

________________::

3. እዞም ዝሰዕቡ ንጥፈታት ኣካል ተፍትሽ ኮይኖም ይትግበሩ ዶ? ካብ ሓደ ንላዕሊ ምምላእ ይከኣል እዩ።

| ዓይነት ንጥፈታት | ይትግበር | ኣይትግበርን |
|---|---|---|
| ዕዮ ውልቀ | | |
| ዕዮ ጉጅለ | | |
| ዕዮ ክፍሊ | | |
| ብፅምዲ ዝስርሑ | | |
| ዕለታዊ ክትትል | | |
| ተሳትፎ | | |
| ስራሕቲ ፕሮጀክት | | |
| ኣብ ገዛ ዝስራሕ ፈተና | | |
| ሓፀርቲ ፈተናታት | | |
| ርብዒ ዓመት ፈተና | | |
| መጠቓለሊ ፈተና | | |

4. ተኸታታሊ ተፍትሽ ብአግባቡ ንከይፍፀሙ ዝዓግቱ ፀማት እትብልዎም ዘርዝሩ?

________________________________________________________________

______________________________________________________________::

5. ንዘጋጥምኹም ፀገማት ብኸመይ ትፈትሕዎም?

________________________________________________________________

__________________________::

6. አብ ተኸታታሊ ተፍትሽ መሰረት ዝገበሩ ስልጠናታት ረኺብኹም ዶ ትፈልጡ?

እወ __________ አይፋሉን_________

አብ ቁፅሪ ሽዱሽተ መልስኹም እወ እንተኾኑ ንክንደይ ግዜ?

ብዙሕ ግዜ_____________ ሓሓሊፉ ___________ ሓደ ሓደ ግዜ____________ ምንም_____________

7. ብብርኪ ቤት ትምህርትኹም ደረጃኡ ዝሓለወ መፈተሺ ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣለኩም ዶ?

እወ_____________ ኣይፋሉን__________________

መልስኹም ኣይፋሉን እንተኾይኑ ንምንታይ?

8. ተኸታታሊ ተፍትሽ እትጥቀምሉ ምኽንያት ዘርዝሩ?

_____________________________________________________________________________________

___________________________________________________________________________::

9. ተኸታታሊ ተፍትሽ ኣብ ክፍሊ ምጥቃም ዘለዎ ረብሓ ምግላፅ ትኽእሉ ዶ?

እወ_____________ አይፋሉን_______________

## ልጋብ ለ

ብተምሃሮ ዝምላእ ፅሑፋዊ መሕትት

ብተመሃሮ ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የጭላ፣ ሸውዓተ ሕጉምን ጅጅቀን ዝምላእ ፅሑፋዊ መሕትት።

ዝኸበርኩም ተምሃሮ ቋንቋ ትግርኛ ናይ እዚ ፅሑፋዊ መሕትት ዕላማ ኣብ 9ይ ክፍሊ ኣተገባብራ ተኸታታሊ ተፍትሽ ንዝካየድ መፅናዕታዊ ፅሑፍ መረዳእታ ንምእካብ ዝዓለመ እዩ። ስለዚ እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ውፃኢታዊ ዝኸውን ናታትኩም ቅኑዕ ምትሕብባር እንትውሰኾ እዩ። ብምኧኑ ድማ እዚ ፅሑፋዊ መሕትት ብትኽክል ብምምላእ ክትትሓባበሩኒ ብትሕትና እንትሓትት ንዝግበረለይ ምትሕብባር ኣቐዲመ የመስግን።

ክፍሊ ሓደ፡- ወሃብቲ ሓበሬታ ኩነታትቶም ዝሕተትሉ።

1. ፆታ ተባ _____________ ኣነ _____________

2. ዕድመ 10- 15 _____________ 16- 20 ____________ ልዕሊ 21

መምርሒ ናይዚ መሕትት ኣመላልአ ሕድሕድ ንጥፈት ብትኽክል ድሕሪ ምንባብ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ቦታ ብመሰረት እትስማዕምሉ መማረፂ እዚ ምልክት (x)ግበሩ።

1.ኣብክፍሊዝትግበሩንዘይትግበሩንተኸታታሊተፍትሽኣየኖት እዮም?ኣብ ዝትግበር ናይራይትምልክት ግበሩ።

| ዓይነት ንትፈታት | ይትግበር | ኣይትግበርን |
|---|---|---|
| ዕዮ ውልቀ | | |
| ዕዮ ጉጅለ | | |
| ዕዮ ክፍሊ | | |
| ብፅምዲ ዝስርሑ ስራሕቲ | | |
| ዕለታዊ ክትትል | | |
| ተሳትፎ | | |
| ስራሕቲ ፕሮጀክት | | |
| ኣብ ገዛ ዝስራሕ ፈተና | | |
| ሓፀርቲ ፈተናታት | | |
| ርብዒ ዓመት ፈተና | | |
| መጠቓለሊ ፈተና | | |

# የመስግን!!!